# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.43 ሰሉስ 21 ጥቅምቲ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጽልዋ ዘመናዊ መሳርሒታት ...


ገጽ 4
ጸቢብ ክዳን ምልባስ ኣብ ...



ገጽ 5

"ቢሮክራሲ" - ውሑዳት ...

ገጽ 11
ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ...



## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ





ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንጥፈታት ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብምግምጋም ኣብ መጻኢ መደባት ንምዝታይ ብ18 ጥቅምቲ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 መደባት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዝለዓለ ከምዝስራሕ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ'ዚ ተጀሚሩ ዘሎ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ምስ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ብምውህሃድ፡ ንልዕሊ 25 ሽሕ ህጻናት ዘኣንግዱ ትካላት ክህልዉ መደብ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ሽዱሽተ ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ክጅምራ ከለዋ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፡ ኣዶብሓን ናቕፋን ሰለስተ ሓደስቲ ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ ከምእተኸፍታ፣ ሰለስተ ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ባጽዕ ኣፍዓበትን ፎሮን ናብ ማእከላይ ደረጃ ከምእተሰጋገራ በሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ናይ ዝሓለፉ ተመሃሮ መጠን ብኣስታት 20 ሚእታዊ ዕቤት ከምዝመዝገበ፡ ዓቕሚ መማህራን ንምዕባይ ድማ ንልዕሊ 88 ሚእታዊት ካብ ሓደስቲ መማህራን ስልጠናታት ከምእተዋህበ ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዝገበርዎ ዘተ፡ ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ንምዕባይ ብዝሓየለ ክስራሕ፣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ፎሮን ገልዓሎን ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ክኽፈታ፣ ከምኡ'ውን ጸገማት መጓዓዝያን ትሕተ-ቕርጺ ኣብያተ-ትምህርቲን ዝመሓየሸሉ መገዲ ክናደ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ወኪል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ኣብ'ቲ ዞባ ምስ ዘሎ ወሀብ ብደሆታት፡ ዓቕሚ መማህራን ኣብ ምዕባይን ተበጻሕነት ትምህርቲ ኣብ ምስፋሕን ተመዝጊቡ ዘሎ ኣሰጋሲ ዝምስገን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተበጻሕነትን ብቕዓትን ትምህርቲ ኣብ ምርግጋጽ ዘጋጥም ዘሎ ብደሆታት ብጦበእ ብምጽናዕ፡ ዓቕሚ ዘፈቕዶ ፍታሕ ንምግባር ክስራሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

## ፋብሪካ ዓለባ 'ዛኢር'፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታታ ንምዕባይ ትሰርሕ



ስእሊ-ሳሚኤል ንጉሰ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ተደኲና እትርከብ ብኢጣልያውያን ኣውፈርቲ እትውሃን ፋብሪካ ዓለባ 'ዛኢር'፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታታ ክብ ብምግባል ምህርታ ብዓይነትን ብብዝሕን ንምዕባይ ክተካይዶ ዝጸንሐት ንጥፈታት፡ ዝምስገን ወጽኢት ደርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ታ ፋብሪካ ኣቶ ፔትሮ ዛምቤቲ ንኤርና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እዛ ኣብ 2004 ብሓደሽ ኣውዓድባን ወፍሪን ክትሰጥፍ ዝጀመረት ፋብሪካ፡ ንሰደድን ዕዳጋታት ወሽጢ ሃገርን ዝዓለመ ኣልባሳትን ወጽኢት ዓለባን ተፍሪ ከምዘላን ንሓያሎ ዜጋታት ርሑብ ናይ ሸቕለት ዕድል ከምዝኸፈተትን ኣብሪሁ።

ኣብ ፍርያታ ንዝመጸ ዕቤት ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ 2004 ካብ 200 ሽሕ ዘይበዝሕ ዝበረ ብብዓይነቱ ኣልባሳት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብልዕሊ ሽዱሽተ ዕጽፊ ዓቢዩ 1 ሚልዮንን 300 ሽሕን ከምዝበጽሐ ኣረዲኡ።

95 ሚእታዊት ካብ ምህርታ ብመልክዕ ሰደድ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከምዝለኣኽ ዝሓበረ ኣቶ ፔትሮ፡ ቀንዲ ዕዳጋኡ ኢጣልያን ክሮኤሽያን ከምዝጸንሓ፣ ኣብ ቀረባ መጻኢ ድማ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዓዲ-እንግሊዝን ስጳኛን ንምስፋሑ መደብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

እታ ፋብሪካ ንዝፈጠረቶ ዕድላት ሸቕለት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዝተፈላለዩ ሞያታት ተቖጺሮም ስልጠናዖም ዝሰርሑ፡ 85 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 730 ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ደቀኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ብሰንኪ ወሊድ ካብ ስራሕ ንኸይሰናኸሉ፡ ዝተማልአ መናበይን መጽንሒን ቈልዑ ከምእተዋደደን ጸቡቕ ወጽኢት ከምዝረኸበሉን ሓቢሩ።

ኣወሃሃዲት መደባት ዕዮ ፋብሪካ 'ዛኢር' ወ/ሮ ዳኒኤላ የውሃንስ ብወገና፡ ኣብ'ታ ፋብሪካ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ክሳዕ'ቲ ዝረኽብዎ ገንዘባዊ እቶት፡ ንዓቕሞም ክብ ዘብልን ንተመኩሮኦም ዘድርዕን ስልጠናታት ከምዝውሃብ ጠቒሳ፡ ወጽኢት ናይ'ዚ ኣብ ዓይነትን ቅድታትን ዝፈሪ ካምቻታት፡ ማልያታት፡ ክዳን ለይትን ካልእን ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዘለዉ ገሊጻ።

ኣብ'ታ ትካል ዝሰርሓ ደቀኣንስትዮ ብወገነን፡ ንሰራሕተኛታት ኣደታት ተዋዲዱ ዘሎ መጽንሒ ቈልዑ፡ ቀሲንን ንኽሰርሓ ዓቢ ደገፍ ኮይኑወን ከምዘሎ ኣብሪሀን።

## ሞልቀ - ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ስጉምትታት ይውሰድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ መልከፍቲ ብምጉዳል ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ምስ ኮም ብምውህሃድ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታት ጽቡቕ ወጽኢት ደርከቦ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ሮቤል ብርሃ ገሊጹ።

እቲ ንኡስ ዞባ ካብ'ቶም ልዑል መልከፍቲ ዓሶ ዘርእዩሎም ከባቢታት ብምዃኑ፡ ሕብረተሰብ ኩሎም ናይ ምክልኻል ሜላታት ተኸቲሉ ድሕነቱ ዘረጋግጸሉን ተርእዮ ሕማም ዓሶ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ዝወርደሉን ባይታ ንምፍጣር ቀጻሊ ተዋሂቡ ይስራሓሉ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ሳላ'ቲ ኮም ማእከል ብምግባር ክውሰድ ዝጸንሐ ስጉምትታት፡ መጠን መልከፍቲ እናነከየ ይመጽእ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሕማም ዓሶ ምልእ ብምልእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታው ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ ዛጊት ከም'ቲ ዝድለ ከምዝይሰጎመ ዝጠቐሰ ነርስ ሮቤል፡ ኳ-ኳ'ቶም ምስ ኮም ብምውህሃድ ዝካየዱ ዘለዉ ናይ ምክልኻል ሜላታት፡ ኣብ 14 ዝተጸንዓ ዓሰውቲ ዓድታት ማስርሕ ምንጻግ ጸረ-ጣንጡ መድሃኒት ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ነርስ ሮቤል ኣብ መወዳእታ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ወጽኢት ንኽረክብ፡ ሕብረተሰብ ብሰብ ሞያ ጥዕና ንዝወሃብ ምኽሪ ብጦበእ ክተግብር፣ ምጥርናፍ ዓድታት ክደፋፍኡ፣ ምልክታት ዓሶ ዝተሰመዖ ሰብ ድማ ተቐላጢፉ ናብ ትካል ጥዕና ክቐርብ ኣተሓሳሰበ።

## ተጋዳላይ በላይ ኣርኣያ ተሰዊኡ



ጉዳም ተጋዳላይ በላይ ኣርኣያ ተስፉ፡ ብ18 ጥቅምቲ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ፡ ኣብ ኑሓሰ 1977 ድማ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ ተጋዳላይ በላይ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ማሕበራዊ ጉዳያትን ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ተጋዳላይ በላይ ኣርኣያ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ19 ጥቅምቲ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ በላይ ኣርኣያ ተስፉ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

ዜና

# ሰንዓፈ - ዘራእቲ ኣእካልን ጥረታትን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ይርከብ


ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ዝርከብ ምህርቲ ኣእካልን ጥረታትን ኣብ ቆፎኦም ክሳብ ዝኣትዉ ምክትታሎም ከሓይሉ፡ ጻውዒት ቀረበ።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ. መንእሰይ ዑቕባይ መብራህቶም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ክረምቲ ካብ መውዓእታ ወርሒ. ሰ ጀሚሩ ጸዑቕን ሰፊሕ ዝርግሐ ዝበርን ዝናብ ስለዝወቐዐ፡ ብሓፈሻ ኩሎም ዓይነታት ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዝርከቡ ገለጹ።

ኣብ ኣስታት 11,500 ሄክታር ካብ ዝተዘርአ 11 ዓይነታት ኣዝርእቲ፡ እቲ 80 ሚእታዊት ኣእካል፡ ዝተረፈ ድማ ጥረታትን ናይ ቅባኢ. ኣዝርእቲን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ኣእካል ኣብ ደረጃ ምንቃጽን ምዕጻድን በጺሑ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ሎሚ ዘበን ክራማት ኣብ ውሽጢ. ክልተ ወርሒ. ልዕሊ. 975 ሚሊ.-ሜተር ዝናብ ከምእተመዝገበ ዝጠቐሰ መንእሰይ ዑቕባይ፡ ብፍላይ ኣብ መጀመርያ ወርሒ. ነሓሰ ኣብ ከተማ ሰንዓፈን ከባቢኣን ዝዘረመ ልዕሊ. 120 ሚሊ.-ሜተር፡ ፍሉይ ተርእዮ ከምዝነበረ ሓቢሩ።


ስእሊ.-መሓመድ ኣይፈራሕ



ንጻዕቂ ዝናብን ሳዕቤናቱን ብዘምልከት ከኣ፡ ኣብ ወርሒ. ነሓሰ ዝናብ ብዘይ ምቁራጽ ብምህራሙ፡ ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከባቢ. ናይ ክረምቲ ኣዝርእቲ ማይ ከምዝጠዝሑን ደረጃ ዕብየቱ ከምዝዘሓተን ብምሕባር፡ ክሳብ ሕጂ ዘሰክፍ ተርእዮ ባልዓትን ሕማማትን ከምዘይተራእየ ኣረጋገጸ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ብምትሕብባር ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝተዋህበ ኣገልግሎት ማሕረስ ብትራክተራት፡ ኣብ ኣሰላጥን ኣድማዕነትን ስራሕ ልዑል እጃም ከምዝነበሮ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ከይተጸገሙ ኣብ እዋኑ ስለዝሓረሱ፡ ኣብ ምህርቲ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝነበረ ገለጹም።

እቶም ሓረስቶት ኣብ መውዓእታ፡ ዘራእቲ ንዋዒሕ እዋን ጸርዩ፡ ሓልዩ ንኽነብር፡ ሓረስቶት ተወዛሂዶም ብስሙር ክዝርኡ ኣዘኻኸሩም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ን/ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ካብ መፋርቕ ወርሒ. ሓምለ ብዝዘረመ ጽቡቕ ዝርግሐ ዝበርከ ዝናብ፡ ኣብ 6,830 ሄክታር ዝተዘርአ ኣእካልን ጥረታትን ኣብ ደረጃ ምሽዋትን ምዕጻድን ከምዝበጽሐ፡ ግዝያዊ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ ዮናስ ብርሃ ሓቢሩ።

ዝተሓርሰ መሬት፡ 2,200 ሄክታር ጣፍ፡ 2,180 ሄክታር ዓተር፡ 1,250 ሄክታር መሽላ፡ 1,175 ሄክታር ዳጉሻ፡ 25 ሄክታር ድማ ዕፉን ከምእተዘርአ'ውን ኣፍሊጡ።

ንዝርግሐን መጠንን ዝናብ ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ነቑጣ ማይ-ዓይኒ ኣብ 50 መዓልታት 581.3 ሚሊ.-ሜተር፡ ኣብ ነቑጣ ቅናፍና ኣብ 24 መዓልታት 707.4 ሚሊ.-ሜተር፡ ኣብ ነቑጣ ኩዓቲት ኣብ 29 መዓልታት 539.1 ሚሊ.-ሜተር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ነቑጣ ቀላይ ብዓልቴት ኣብ 33 መዓልታት 407.7 ሚሊ.-ሜተር ከምዝዘረመ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ዝኣኸለ ዘራእቶም ብእዋኑ ክእክቡ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ዮናስ ብዘይካ'ዚ፡ መዝሙጌን ከዘንተ ማያትን እውን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ሓቢሩ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ብትልሂት ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመረቑም

ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንክልተ ቐነ ብመባእታዊ ኣምራት ድራማ፡ ትልሂትን ግጥምን ዘሰልጠኖም ካብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታትን ትካላትን ዝተዋጽኡ 50 መንእሰያት፡ ብ16 ጥቅምቲ ኣብ ባጽዕ ኣመረቖም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ሰልጠንቲ ኣብ'ቲ ዓውዲ. ክህቦ ዝኽእሉን ልዑል ድሌት ዝበርምን ምኳኖም ብምጥቃስ፡ ካብ ሚኒስትሪታት ሃብቲ ባሕርን ትምህርትን፡ ምምሕዳር ዞባን ሓይልታት ምክልኻልን ዝተዋጽኡ ምኳኖም ገለጹ።

ካብ ኣሰልጠንቲ መምህር መሓመድ-ሰዒድ ዑስማን፡ ሱጥቡብ - ዕድመኻ ምሉእ እትመሃሮ፡ ካብ ህዝቢ. መንጭዩ ንህዝቢ. ዘገልግል ቀንዲ. ደራኺ. ባህርያዊ ለውጥን ፍልጠትን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ዝርኣዩዎ ድሌትን ዓቕሚን መጉሱ።

ኣካያዲ. ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል ብወገኑ፡ ንኣገዳስነትን እዋናውነትን ናይ'ቲ ክፍሊ. ባህሊ.ን ስፖርትን ዝወሰዶ ተበግሶ ብምጥቃስ፡ ኣብርክቶ ሱጥቡብ ኣብ ህንጻት ሃገርን መንነትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰሙዎ ትምህርቲ ብቐጻሊ. ስራሕ ከዕብይዎ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብሰልጠንቲ ዝተዳለወ ምርኢት ቀረበ።


ስእሊ.-ዮ.ታም ገዛኢ.


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ.**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ.**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መዚቃዊ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሉሉ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝሞም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዓልቲ ሓረስቶት ተባዒሉ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ14 ጥቅምቲ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ መዓልቲ ሓረስቶት ኣብዒሉ።

ኣብ'ቲ መደብ፡ ሓረስቶት ምሩጽ ዘርኢ. ተጠቒሞም ምህርቶም ንምዕባይ ብዘዕባ ዘካየድዎ ዘለዉ. ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ሕማማት ኣብ ዝጻወሩ 10 ዓሌታት ስርናይ ብዘዕባ ዝተኻየደ ምርምራዊ ስርሓትን ወጽኢቱን ብክኢላታት መግለጺ. ቀረበ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምብዛሕ ምሩጻት ኣዝርእቲ ዓተር፡ ፋጆሊ፡ ምቁር ድንሽን ኣሕምልቲ መሮርን ዝተኻየደ ምርምራዊ ስርሓትን ወጽኢቱን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መስርሕ ዊ-ጋዚ፡ ምብዛሕ ቀጠልያ መግቢ. እንስሳ፡ መስርሕን ፈተነን ባህርያዊ ድኹዕን ምምሕያሽ ደረት ሩባን ዝተዓመ ንጥፈታት ዝምልከት መብርሂ. ተዋሂቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየኖ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ መግቢ. ብዓይነትን ብዝሒን ናብ ኩሉ ንምብጻሕ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ንዘካይዶ ዘሎ ስርሓት መጉሱ።

ሓላፊ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ኣቶ ጺጋይ ብርሃ ብወገኑ፡ መተባብሮ ሓረስቶትና ንምምሕያሽ፡ ብመሰረት ጠለባቶም ኣብ ኣእካልን ጥረታትን ምርምራዊ ስርሓት ብምክያድ ይዕደሉዎምን ዘተባብዕ ወጽኢት ይርከቦን ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ በቢእዋኑ ብምርምር ዝሓለፈ ኣዝርእቲ ኣርባሒ. ምዃኑ ብምግላጽ፡ ምህርቶም ንምዕባይ ብዝሓየለ መልክዕ ከምዝደፍኡሉ ኣረጋገጹም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝርከብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ፡ ካብ ኣስመራ 30 ኪሎ-ሜተር ርሒቑ ይርከብ።

# ጽልዋ ዘመናዊ መሳርሒታት ኣብ ምዕባለ ህጻናት

ታደሰ መሓሪ (ፕሮፌሰር)

ንምርድኡ መታን ክጥዕመና፡ እዞም ከም ተንቀሳቓሲ ተሌፎን፣ 'ኣይፓድ'፣ 'ታብሌት'፣ 'ላፕቶፕ' ኮምፕዩተር፣ ወዘተ...ዝኣመሰሉ መሳርሒታት 'ጋጀትስ' (gadgets) ወይ ከኣ 'ዘመናዊ መሳርሒታት' ብምባል ክንጠቕሶም ኢና። መስኮት ናይ'ዞም ዘመናዊ መሳርሒታት ከኣ 'ስክሪን' (screen) ብምባል ክንገልጾ ኢና። ዘይርትዓዊ ኣጠቓቕማ ናይ'ዞም ዘመናዊ መሳርሒታት እምበኣርከስ፡ ኣብ ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ፣ ስምዒታውን ባህርያውን ምዕባለ ህጻናት ከውርዶ ዝኽእል እወታውን ኣሉታውን ሰዓቤናት ኣብ ዝቕጽል ሕጡብጽሑፋት ብዝርዝር ክንርእዮ ክንፍትን ኢና።

## 1. ኣእምሮኣዊ ምዕባለ

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ኣገባብ ብዝሎዎ መገዲ ምስ እንጥቀመሎም ብዙሕ ረብሓታት ክንረኽበሎም ንኽእል ኢና። ንህጻናት ደቕና'ውን እናተቘጻጸርና ንውሱን ግዜ ከም ዝጥቀሙሎም ምስ እንገብር ብዙሕ ረብሓታት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ብዘይ ቀይዲ፡ ብፍኑው ኣገባብ ምስ እንጥቀመሎም ግን ኣብ ጥቕሞም ጉድኣቶም ክዛይድ ከም ዝኽእል ዝተገብሩ መጽናዕትታት የረጋግጹልና እዮም።

### 1.1 እወታዊ ሳዕቤናት

• እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መሳርሒታት ብግቡእ ምስ እንጥቀመሎም፡ ንሓዳሽ ኣገባባት መምሃሪ መንገዲ ክኸፍቱ ይኽእሉ። ንኣብነት፡ ትምህርታዊ መተግበርያታት (applications)፣ ኤሌክትሮኒካዊ መጻሕፍቲ (e-books)፣ ዝተፈላለዩ መምሃሪ ቪድዮታት፣ ብግቡእ ምስ እንጥቀመሎም ኣብ መስርሕ ምምሃር/ምስትምሃር ዓቢዩ ኣበርክቶ ኣብ ርእሲ ምግባሮም፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት ኣብ ምምዕባል'ውን ልዑል ተራ ኣለዎም።

• ብዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት ዝቐረቡ ጸወታ (game)፣ ትምህርታዊ ቪድዮታትን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰሉ ንጥፈታትን ኣብ ሰብነት ተገንዘቦኣዊ ምንቅቓሕ (cognitive stimulation) ፈጢሮም፡ ኣደሃህቦ ኣብ ምዕባይ፣ ናይ ምዝኽር ክእለት ኣብ ምድንፋዕ፣ ከምኡ'ውን ስሩዕነት ዝተኸተለ ኣተሓሳስባ (logical thinking) ኣብ ምምዕባል ዕዙዝ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

• ኣብዚ እዋን'ዚ ስንኩላን (ዓይኒ ስወራንን ጽሙማንን) ክጥቀሙሎም ዝኽእሉ ዘመናዊ መሳርሒታት ተኣታቲዮም ኣብ ምምሃርን ምምዕባልን ስንኩላን ዓቢዩ ኣበርክቶ ይገብሩ ኣለው። ብዘወሓኸ፡ ፍሉይ ትምህርቲ (special education) ዝደልዩ ስንኩላን፡ ፍሉይ ትምህርታዊ መተግበርያታት ብምትእትታው ኣብ ትምህርቶም ርኡይ ምዕባለ የመዝግቡ ኣለው።

• ብዓቢኡ ከኣ እዞም ዝተጠቕሱ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ህጻናት ብግቡእ ምስ ዝጥቀሙሎም ዲጂታላዊ መሃይምነት ንኸጥፍኡን ዝተፈላለዩ ዘመናዊ ናይ ምምሃር ሜላታት ንኽቕስሙን ይሕግዝዎም።

### 1.2 ኣሉታዊ ሳዕቤናት

• ቀጻሊ ምዝውታር ናይ'ዞም መሳርሒታት እዚኣቶም፡ ኣደህባን ኣቓልቦን ሰለቦም ወልፊ ስለ ዘትሕዙ፡ ህጻናት ቀጻሊ ኣተኩሮ ሂቦም ከም ምንባብ፣ ምጽሓፍ፣ ቁጽሪ ምቕማር፣ ዕዮ ገዛ ምስራሕ፣ ወዘተ... ዝኣመሰሉ ትዕግስቲ ዝሓቱ ልሙዳት ንጥፈታት ንኸካይዱ ይሸገሩ። ምኽንያቱ ህጻናት ነዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት ኣብ ዝጥቀሙሉ ግዜ፡ ንድርኺት ስራሕ ዝሕግዘን ታሕጓስ/ዕግበት ዘዘይድን 'ዶፓማይን' (Dopamine) ዝተባህለ ካብ ሓንጎል ዝፍንጨዉ ነዊሕ ብዝበዝሐ ስለ ዝፈሪ፡ ዝያዳ ክምግቡ ይጅምሩ'ሞ ካብኡ ወጻኢ ዕቱብ ኣቓልቦ ሂቦም ካልእ ነገር ክሰርሑ ኣይደልዩን። እዚ ከኣ ኣብ ትምህርቶም ይኹን ኣብ ካልእ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ከምጽኦ ዝኽእል ኣሉታዊ ሰዓቤን ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን።

• ምሕር ምጥቃም ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት፡ ምስ ሰባት ገጽ-ንገጽ እናተረኣኣኻ ዝግበር ኣመታዊ ቋንቋ (gesture language) ኣዝዩ ስለ ዘጉድል፡ ህጻናት ምስ ካልእ ሰብ ክገብርዎ ዝግብኦም ማሕበራዊ ምውሳእ ኣዝዩ ይድረት። እዚ ከኣ ኣብ ሞንጎ ሰባት ክህሉ ዝግብኦ ተደናጋጽነትን (empathy) ምብህዛልን ጨሪሱ ከም ዝንኪ ይገብር። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ እዞም ህጻናት፡ ጨኻናት፣ ርህራህ ዘይብሎም፣ ንዓይ ይጥዓመኒ ጥራይ ዝብል ስምዒት ዝሓድሮም፣ ብዛዕባ ካልእ ሰብ ዘይግድሶም፣ ክኾኑ ይኽእሉ።

• ህጻናት፡ ነዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት መዓልቲ መዓልቲ ንነዊሕ ሰዓታት ምስ ዝጥቀሙሎም፡ ካብኣቶም ዝፍንጨዉ ኣዝዩ ደማቕ ብርሃንን ኣብ'ቲ መስርሕ ብዝቐረቡ ቅልጡፍ ንጥፈታትን (ካብ ሓደ መተግበሪ ወይ 'ጌይም' ናብ'ቲ ሓደ ብምልውዋጥ)፡ ሓንጎል ብልዑል መጠን ተነቓቒሑ፡ ኣብ ህጻናት ዓቕሊ ጸበት ክፈጥረሎም ይጅምር። ከም ሳዕቤኑ መብዛሕትኦም ህጻናት ብሕርቃንን ነድርን ምዕልባጥ ይጅምሩ፣ ንኽረግኡ ከኣ ግዜ ይወስደሎም።

• እዚ ኹሉ ምዕልባጥን ዓቕሊ ጸበትን ምስቲ ካብ'ዞም መሳርሒታት ዝፍንጨዉ ሰማያዊ ደሙቕ ብርሃን ተደሚሩ ኑቲ ንምድቃስ ዝሕግዝ 'ሜላቶኒን' (melatonin) ዝተባህለ ነዊሕ ስለ ዝዕጉቶ ከኣ ህጻናት ቀልጢፎም ድቃስ ኣይወስዶምን፤ እንተወሰዶም'ውን ልዋም ድቃስ ኣይደቅሱን። እኹል ሰዓታት ልዋም ድቃስ ዘይምድቃስ ከኣ ኣብ ጥዕና ናይ'ዞም ህጻናት ክፈጥሮ ዝኽእል ጽልዋ ኣዝዩ ሃሳዪ'ዩ።



## 2. ኣካላዊ ምዕባለ

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ህጻናት ብኣገባብ ምስ ዝጥቀሙሎም ኣብ ምዕባለ ኣካላቶም'ውን ውሱን ረብሓታት ክህልዎም ይኽእል'ዩ። ብግቡእ ምስ ዘይጥቀሙሎም ግን ከም'ቲ ኣብ ኣእምሮ ዘውርድዎ፣ ኣብ ኣካላዊ ምዕባለ ህጻናት'ውን ብቐሊሉ ዘይግመት ኣሉታዊ ማዕቢት ከውርዱ ይኽእሉ እዮም።

### 2.1 እወታዊ ሳዕቤናት

• ምጥቃም ናይ'ዞም ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ጭዋዳታት ኣጻብዕቲ ናይ'ዞም ህጻናት ኣብ መጀመርያ'ኳ ንጡፋት ክኾኑ ዝሕግዝ እንተኾነ፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ግን ወልፊ ስለ ዝኾናም ይደጋግምዎ፣ ክገድፍዎ ከኣ ይጸግሞ።

• ገለ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት፡ ስንኩልና ዘለዎም፣ ፍሉይ ትምህርቲ (special education) ንዝደልዩ ህጻናት፡ ምዝራብ ወይ ምስማዕ ንኽኽእሉ ዝሕግዝዎም መተግበሪታት (apps) ስለ ዝህልዎም ኣብ ምሕጋዞም እወታዊ ተራ ይጻወቱ።

### 2.2 ኣሉታዊ ሳዕቤናት

• ሃምሻን ቀልብኻን ኣጥፊእካ ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ 'ስክሪን' ኮምፕዩተር፣ 'ኣይፓድ'፣ 'ታብሌት'፣ ወይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን፣ ተጸሚድካ ምውዓል ጭዋዳታት ሰውነት ኣልሚሱ ቁመና ወይ ኣቀዋውማ ኣካል (posture) ብምህሳይ ቃንዛ ዓንዲሕቖ፣ ክሳድን መሕቑፍን የኸትል። ምስ ምንዋሕ ግዜ ከኣ ሕማም ርእሲ፣ ምንቃጽ ኣዒንትን ጽልግልግ ምባልን የኸትለሎም። እዚ ከኣ ዲጂታላዊ ኣበር ዓይኒ (digital eye syndrome) ተባሂሉ ይግለጽ።

• ህጻናት፡ ኮፍ ኢሎም ኣብ 'ስክሪን' ዘጥፍእዎ ነዊሕ ሰዓታት፡ ኣብ ግዳም ከካይድዎ ንዘምጉብኦም ንጥፈታት ብልዑል መጠን ስለዝንክዮ፡ ኣካላቶም ብዘይምንቅስቓሱ ድኹም ጭዋዳታት ሰውነት፣ ትሑት ምውህሃድ ኣካላት፣ ከምኡ'ውን ጠንቂ ህዝርጥና (ክረሽ) ክኸውን ከም ዝኽእል ዝተገብሩ መጽናዕትታት የረጋግጹ።

• ደጋጊምካ ብኣጻብዕትኻ 'ስክሪን' ምጥፍጣፍ ወልፊ ኣብ ርእሲ ምሕዳሩ፡ ቃንዛ ኣጻብዕትን ገምጥ ኣድን'ውን የኸትል'ዩ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ከኣ ጭዋዳታት ኣጻብዕቲ ናይ'ዞም ህጻናት ኣልሚሱ ክጽሕፉሉ ወይ ካልእ ንጡፍ ስራሕ ክሰርሑሉ ኣብ ዘይክእሉ ደረጃ የውድቖም። ዝተገብሩ መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ከኣ፡ ከምዚ ዓይነት ወልፊ ዘለዎም፡ 6ይ ወይ 7ይ ክፍሊ ዝበጽሑ ተመሃሮ ኣብ ወረቐት ብርሳስ ወይ ብዝሮዒ (በሮ) ብግቡእ ክጽሕፉ ከም ዘይክኣሉ ክረጋገጽ ተኻኢሉ'ዩ።





## 3. ስምዒታውን ባህርያውን ሳዕቤናት

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጠንቅታት ጥራይ ዘይኮነስ ስምዒታውን ባህርያውን ሳዕቤናት'ውን ከም ዘኸትሉ ብመጽናዕቲ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

• ህጻናት ኣዝዮም ሓራቓትን ነዳራትን ይኾኑ - ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ህጻናት ወልፊ ናይ'ዞም ዘመናዊ መሳርሒታት ስለ ዝሓድሮም ካብ 'ስክሪን' ንምፍላዮም ዝግበር ዝኾነ ሃቕነ ኣዝዩ የቖጥዖምን የጎድሮምን፣ ካብኣቶም ንኽፍለዩ'ውን ብዝኾነ ምኽንያት ኣይደልዩን። ኣብ ዝምገቡሉ ግዜ ከይተረፈ ካብዞም መሳርሒታት ክፍለዩ ኣይደልዩን።

• ወልፊ ናይ ምትሓዝ ተኽእሎ - ልዑል ተጠቃምነት ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ዘመናዊ መሳርሒታት (ጋጀትስ) ድሕሪ ውሱን ግዜ ህጻናት ወልፊ ከም ዘሕድሩ ስለዝገብር ካብኡ ወጻኢ ካልእ ንጥፈታት ከካይዱ ኣይተባብዑን። እዚ ከኣ ኣብ ትምህርቶም ይኹን ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ዓቢ ሃሰያ የውርደሎም።

• እዞም ዝተጠቕሱ መሳርሒታት፡ ህጻናት ክርእይዎ ዝይግባእ ትሕዝቶ የቃልዖም - ዕቱብ ምቁጽጻር እንተዘይተገይሩሉ ህጻናት፡ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ዘመናዊ መሳርሒታት ብኢንተርነት ዝመሓላለፉ ጸዮፍ፣ ጭካነ ዝመልኦ ሞትን ቅትለትን ሰባት፣ ወይ ከኣ ናብ ጌጋ ዝመርሕ ትሕዝቶታት፣ ብቐጻሊ ስለ ዝቃልዑ ከም ንቡር ተርእዮ ገይሮም'ዮም ዝወስድዎ። ሰብ ምቕታል ንቡር ኮይኑ ስለዝስምዖም ከኣ ኣብ ናይ ምዕራብ መራኽቢ ብዙሓን ወትሩ ከም እንሰምዖ ብጦዝሒኡ ክንድ'ዚ ህጻውንቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብሓደ ኮተቴ (teenager) ተጨወዮም ወይ ተቐቲሎም፣ ሓደ ኮተቴ ክቱኡን ኑዴኡን ቀቲሉ ኑበሱ ኣሕሊፉ፣ ወዘተ... ዝብሉ ዜናታት ልሙዳት ኮይኖም ንረኽቦም።

• መብዛሕትኦም ህጻናት ካብ ሓደ መተግበሪ (app)፣ ጸወታ ቪድዮ፣ ወይ ዝሰደድ መልእኽቲ (messages)፣ ናብ'ቲ ሓደ ብቐጻበት እናለዋወጡ ክርእዩ ከለው ዝመጽሎም ዘሰሕቕን ዘሐጉሰን ተንቀሳቓሲ ስእልታት፣ ዓብይ ዓብዩ ንላዕሊ ሓፍ ምባል (Like)፣ ወዘተ... ባህታ ይፈጥረሎም። ምስ'ዚ ከኣ ካብ ሓንጎል ዝፍንጨዉ 'ዶፓማይን' ዝበሃል ባህታ ዝህብ ነዊሕ ብቐጻሊ ስለዝፈሪ ከቋርጽዎ ኣይደልዩን'ዮም። ስለዝኾነ ሓንጎሎም ረጊኡ ኣብ ሓደ ነገር ክተኩር ኣይክእልን። ምስ ግዜ ድማ ሓንጎሎም ነዚ እናለመዶ ይኸይድ'ሞ ኣብ ሓደ ነገር ብዕቱብ ኣቓልቦ ሂቦም ክሰርሑ ኣሰልካዪ ይኾኖም፣ ጸቡቕ'ውን ኣይስምዖምን። በዚ ከኣ ህጻናት ትምህርቶም ይኹን ካልእ ቀጻሊ ዘለዎ ነገራት ብዕቱብ ተኸታቲሎም ንኽሰርሑ ይጸገሙ።

ብቐንዱ ግን ከምዚ'ኦም ዝኣመሰሉ ህጻናት፡ ዝበዝሐ ግዜኦም ኣብ 'ስክሪን' ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ዘመናዊ መሳርሒታት ስለ ዘሕልፍዎ፡ ምስ ሰብ ዘለዎም ርክብ ኣዝዩ ውሱን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ምስ ዝኾነ ሰብ ምርኻብ'ውን ዝደልይዎ ምርጫ ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ወልፊ ናይ'ዚ 'ስክሪን' ስለ ዝሓዞም። ሰባት ንንሕድሕዶም ክዋስኡ ከለው፡ ብዘይካቲ ንኽረዳዳኡሉ ዘውጽእዎ ቃላት ስምዒታቶም ዝገልጹሉ ከም ሕርቃን፣ ታሕጓስ፣ ሓዘን፣ ዝኣመሰሉ ኩነታት'ውን ካብ ገጾም ክንበብ ይኽኣል'ዩ። እዞም ካብ ቃላት ወጻኢ ስምዒታት ናይ ሓደ ሰብ ዝገልጹ ኣመታዊ ቋንቋታት ከኣ ዝሕልፍዎ መልእኽቲ ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን። ሰድራና ክሕጎሱ ወይ ክሓርቁ ከለው ብገጾም ኢና ንፈልጦም። ወለዲ ንደቆም ክእርሙ እንተደኣ ደልዮም ብገጾም ጥራይ'ዮም ዝገንሕዎም። እዞም ዝተጠቕሱ ህጻናት ግን ገጽ ወለዶም፣ ኣሕዋቶም፣ መሓዙኦም፣ ወዘተ... ኣንቢቦም ስምዒታቶም (ሕርቃን፣ ታሕጓስ፣ ተመስጦ፣ ሓዘን፣ ወዘተ...) ክርድኡሉ ዝኽእሉ መንገዲ የብሎምን። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ እዞም ህጻናት ርህራሀ፣ ተደናጋጽነት፣ ሓልዮት፣ ኣኽብሮት፣ ዝበሃል ነገር ስለ ዘይሕደሮም፡ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ይኹን ብዛዕባ ዝኾነ ሰብ ዝግደሱ ኣይኮኑን። ንዓይ ይጥዓመኒ ጥራይ ብምባል ከኣ ስሱዕን ሓልዮት ዝጎደሎ ባህርያትን የማዕብሉ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ዝኾነ ክገብርዎ ዝደልዩ ነገራት ቡቲ ንቡር ኣገባብ ዘይኮነስ በቋራጭ ክፍጽምዎ ይደልዩ። እዚ ከኣ ምስቲ ሓፈሻዊ ሕብረተሰብ ከም ዘይሰማማዕ ብምግባር ተጻጺሎ ይፈጥረሎም።

(ምንጪ ጽሑፍ፡ ChatGPT-AI, 2025)

ይቕጽል

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ጸቢብ ክዳን ምልባስ ኣብ ጥዕና ጽልዋ ኣለዎዶ?

**ኣገደስቲ ነጥብታት፦**

• ቀጠው ኣቢሉ ዝሕዝ ኣዝዩ ጸቢብ ክዳን ምውዳይ፡ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከቃልዕ ይኽእል እዩ - እንተላይ ንጸገም ምሕቃቕ መግቢ፡ ኣብ ደቀንስትዮ - ረኽሲ ርሕሚን ከበኡን፡ ከምኡ'ውን ምጭብባጥ መትኒ።

• ብተደጋጋሚ ጸቢብ ክዳን ምውዳይ፡ ካብን ናብን ክፍሊ ኣካላት ንዝዋሕዝ ደም ስለ ዝዓግቶ፡ ኣብ ዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከውድቐካ ይኽእል።

• ሳሕቲ እትወድዮ ጸቢብ ክዳን ግና፡ ኣብ ጥዕና ከውርዶ ዝኽእል ጥዕናዊ




ጸገም ዝጥቀስ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ እትሉብሶ ዓቐንን ዓይነትን ክዳን ግቡእ ቆላሕታ ካብ ምግባር ክትዝንግዕ የብልካን።

• ምቾእት ዘይፈጥረልካ፡ ቃንዛ ዝሁበረልካ፡ ክሳብ ምስትንፋስ ዝኸልኣካን ዓቕልኻ ዘጽብበልካን ክዳን ካብ ምውዳይ ክትቁጠብ ኣለካ።

ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ፡ መንእሰይ ምስ ቅርጺ ኣካላቱ ለጊቡ ዝኸይድ ጸቢብ ምኽዳን ብልምዲ ናተይ ኢሉ ተተሓሒዞም እዩ ዝርከብ። ፋሽን ማለት ግዜ ዘምጽኦ ክዳን እናተኸተልካ ክትወዲ ምፍታን፡ ንኣቀራርባኻ ዘማዕርን፡ ባህታ ዝሁብ ኣገባብ ኮይኑ ይስመዓካ እዩ። ካብ ኑበሸኻ ፍንትት ዝበለ ክዳን ምውዳይ፡ 'ጀልፈፍ' ዝበለካ ዘሎ መሰሉ፡ ቀጥ ዝበለ ክዳን ምልባስ ክትመርጽ ምርጫኻ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ እተካይዶ ስራሕ፡ ገፊሕ ክዳን ምልባስ፡ ዝዕንቅፈካ ኮይኑ ስለ ዝስመዓካ፡ ጸቢብ ክትሉብስ ትደሊ ትኸውን። ምርጫኻ ጸቢብ ክዳን ምልባስ እንተኾይኑ፡ ጌጋ እዩ ክንብል ዝከኣል ኣይኮነን። የግዳስ ኣዝዩ ጸቢብ ክዳን ምውዳይ ኣብ ጥዕና ዘኸትሎ ናቱ ሳዕቤን ከም ዘለዎ ክተስተብህል ይግባእ።


**ጸቢብ ክዳን ዝበሃል፡ ክሳብ ክንደይ እዩ ጸቢብ?**

እቲ ክዳን ንኣካላትካ ጨቢጡ ዋላ ይሓዞ፡ ምቾት ዘለዎ፡ ጸቡቕ ስምዒት ዝፈጥረልካ እንተኾይኑ፡ ብዙሕ ዘሸግር ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣካላዊ ዘይምቹእነት ብምፍጣር ምንቅስቓስ ክሳብ ዝኸልኣካ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ደረጃ 'ኣዝዩ ጸቢብ ክዳን' (too-tight) ተሰሪዑ ኣሎ ክንብሎ ንኽእል።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ክዳን ኣዝዩ ጸቢብ ዋላ ይኹን፡ ተመጣጢ ብምኻኑ ኣብ ምንቅስቓስ ዝኾነ ጸገም ክፈጥር ኣይርአን እዩ፡ ኣብ ምጭባጥ ጭዋዳን መትንታትን ናቱ ግደ ክህልዎ ከም ዝኽእል ግና ምስትብሃል የድሊ።

**'ኣዝዩ ጸቢብ ክዳን' ዘርእዮ ምልክታት ከመይ ዝበለ እዩ?**

• ቀይሕ ሽራጥ ምልክት ኣብ ቆርበት፡
• ዕጥርጥር ዝበለ ናይ ምጭባጥ



ምልክት ኣብ ቆርበት፡
• ምንዳርን ጸላዕላዕ ዝበል ስምዒትን ኣብ ቆርበት፡
• ምድንዛዝን ምሽቅሻቕን ክፍሊ ኣካላት (ብፍላይ መሓውር)፡
• ጸገም ምስትንፋስ፡
• ብግቡእ ክትንቀሳቐስ ዘይምኽኣል ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

**እዚ ዓይነት ምልክታት ከርእዩ ዝኽእሉ እንታይ ዓይነት ኣልባሳት እዮም?**

ዝኾነ ምቹእነት ዘይብሉ ጸቢብ ክዳን ኣብ ጥዕና ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ምዝርዝርም ምስ ዘድሊ፦

• ጸቢብ ሙታንቲ ወይ ጅንስ ስረ፡
• ቁልፊ፡
• ረጃቤቶ – ኣብ ልሙድ ግዜ ዝውደን ስፖርታዊ ንጥፈታት ዘገልግላ፡
• ጸቢብ ማልያ ወዘተ።

**ጸቢብ ክዳን ዘውርዶ ጥዕናዊ ጽልዋ ኣምዑታዊ ጸገም** - Gastrointestinal trouble

ምስ ዓቐንካ ዘይከይድ ኣዝዩ ጸቢብ ክዳን ምውዳይ፡ እንተላይ ኣጸቢብካ ዝኣሰርካዮ ክራቫታ ሓዊሱ፡ ኣብ ጥዕና ከስዐን ኣምዑትን ከቢድ ጥዕናዊ ጉድኣት ከም ዘውርድ ተመራመርቲ የመልክቱ። እቲ ጽልዋ ካብዚ ሓሊፉ፡ መንፋሕቲን ምምላእ ጋዝን ከስዐን መዓንጣ፡ ከምኡ'ውን በጨቕታ ኣሲድ ከስዐ ናብ ሻሕለለ (ብተሰምዶ ቀሓር ኣልና ንጸውዖ) ክፈጥር ይኽእል።

ብፍላይ ማዕጥቖኡ ጸቢብ ዝኾነ ክዳን ምልባስ፡ ኣብ ከስዐን መዓንጣን ዘይንቡር ወጥሮን ምጭንናቕን ከም ዝፈጥር እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ የረድእ።

**ረኽሲ ኣብ ርሕሚ** - Yeast infections

ጸቢብ ሙታንታ ወይ 'ፓንታሎኒ' ቀጻሊ ምውዳይ፡ ኣብቲ ሕምጥ (vulvas) ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ረኽሲ ርሕሚ ከም ዝፈጥር መጽናዕትታት የመልክቱ።

ጸቢብ ክዳን፡ ብፍላይ ክዳን ውሽጢ፡ ቆርበትና ብቐሊሉ ኣየር ከይኣቱ እዩ ዝዓግቶ። ኣብ እንርህጸሉ እዋን፡ ኣካላትና ግቡእ ንፋስ ክረክብ ስለ ዘይክእል፡ ንረኽሲ ተኣፋፊ ይኸውን።

**ምጭባጥ መትኒ** - Nerve compression

ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ንቑልፊ ሓዊስካ ጸቢብ ክዳንን ምልባስ፡ ምጭብባጥ መትኒ ዓንዲ ሕቖን መሓውርን ክፈጥር ይኽእል። ምጭባጥ መትኒ ዓንዲ ሕቖ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ፡ 'መራልጂያ ፓረስተቲካ' (meralgia paresthetica) እዩ ዝበሃል። እዚ ዓይነት ሕማም እዚ፡ ምድንዛዝ ሕቖን መሓውርን፡ ቀጭቀጭ ምባል ኣብ'ቲ ዝተጨበጠ ክፍሊ መትኒ ዝኣመስሉ ሳዕቤናት የውርድ።

**ጸገም እስትንፋስ** - Respiratory Issues

ኣዝዩ ጸቢብ ክዳን ምውዳይ፡ ኣየር ናብ ኣካላትና ኣብ ምእታውን ምውጻእን ምጭንናቕ ክፈጥር ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ንጥፈታት ሳንቡእን ስርዓት





እትንፋሰን ወጥሪ ከም ዝማዕበል እዩ መጽናዕትታት ዘረድኡ። እዚ ጸገም እዚ ብተደጋጋሚ ንዊሕ ግዜ ምስ ዝቕጽል፡ ኣብ መሰረታዊ መጠን 'ሚታቦሊዝም' (basal metabolic rate) ኣሉታዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። መሰረታዊ መጠን ሚታቦሊዝም፡ ኣካላትና ሓይሊ ንምርካብ ዝቃጽሎ ካሎሪ እዩ ዘመልክት።

**ምቕይያር ቁመና** - Postural Changes

ብተደጋጋሚ ጸቢብ ክዳን ወይ ቁልፊ ምውዳይ፡ ኣብ ስርዓት ኣዕጽምቲ ኣካላትን መትንን ጸቕጢ ብምፍጣር፡ ኣብ ጎሎን ጭዋዳን ኣካላት ዘይምምጥጣን/ ዘይምምዛዝን ክፈጥር ይኽእል። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ኣቃውማ ኣካላት ክበዝሕ ዝገብር ጠንቂ ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ።

ብሰንኪ ጸቢብ ክዳን ኣብ ከስዐ ዝፍጠር ጸቕጢ'ውን ዓንዲ ሕቖ ከም ዝተርር እዩ ዝገብር።

**ጽልዋ ኣብ መላግቦ ብርኪ**

ጸቢብ ክዳን፡ ኣብ እንንቀሳቐሰሉ እዋን፡ መላግቦ ብርኪ ምስቲ ኣንፈት ናይቲ ምንቅስቓስ ካብን ናብን ናይ ምዝር ዓቕሙ ከጽብቦ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን፡ ግዳይ ነድሪ መላግቦ ከም እንኸውን ይገብር።

ምንጪ፦ health line


## ምቁጽጻር ሕርቃን

ሕርቃን ብቐሊሉ ክንቆጻጸሮ ዘይንኽእል ኣብ ህርመት ልብን ስርዓት እስትንፋስ ኣካላትናን ከምኡ'ውን ኣብ ንጥፈታት ጭዋዳታትን ስርዓት መትንን ልዑል ጽልዋ ዘለዎ መግለጺ ስምዒታትና እዩ። ሕርቃን ብቐሊሉ ተቖጻጺርና ክንኣልዮ ምስ ዘይንኽእል ድማ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዘቃልዕና ክኢላታት የመልክቱ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ ኣዝዮም ሓራቓት ዝኾኑ ሰባት ካብቶም ህዱኣት ዝያዳ ንሕማም ልብን ወቕዕን ዝተቓልዑ እዮም።

**ሕርቃንካ ብኸመይ ክትቆጻጸሮ ይግባእ?**

እዞም ሕቶታት ብግቡእ ምምላሽ ሕርቃንካ ብቐሊሉ ንምቁጽጻር ይሕግዙኻ እዮም።
- እቲ ኩነታት ብዝዕበኡ ንኽትሓርቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ድዩ?
- እቲ ኩነታት ዘሕርቕ ምኽንያት ምሉእ ብምሉእ ኣረጋጊጽካዮ ዲኻ?
- ምሕራቕካ ዘምጽኦ እወታዊ ለውጢ ኣሎዶ?

ዋላ ናይዞም ሕቶታት መልሰኻ እወ እንተኾነ፡ ሓሪቕካ ተምጽኦ ለውጢ ከም ዘየለ ክተስተብህል ይግባእ። "ኣነ ከም ዝመስለኒ ከምዚ እንተኾነ ይሓይሽ፡ ናተይ ስምዒት ከምዚ እዩ ..." ዝብሉ ኣላዛብቲ ቃላት ክንጥቀም ዝበለጸ እዩ። ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ሰባት ሓሳባት ሰሚዒ ክትከውን የድሊ። ብቓላት ንኻልኦት ሰባት ኣይተጥቕዕ። ብልዙብ ተዛታዪ ክትከውን ፈትን።

ናይ ሕርቃን ስምዒታትካ ንምህዳእ፡ ፈለማ ነቲ ኩነታት ብዝተፈላለየ ኩርናዓቱ ብምጥማት ክተጸሮ ፈትን። ነዚ ንምግባር ነዞም ዝስዕቡ ስትራተጂካዊ መንገድታት ክተስተብህሎም ይግባእ፦

• ብውልቂ ዘይምርኣይ፦ እቲ ረገጹኻ ዝሓለፈ ኣውቲስታ ስለ ዘይረኣየካ ክኸውን ይኽእል እዩ።
• ኣቐሊልካ ምርኣይ፦ እቲ መማህርትኻ ሰላም ኢሉካ ዘይሓለፈ ኣብ ገዛዚብ ሓሳብ ኣትዩዎ ክኸውን ይኽእል እዩ።
• ስምዒታዊ ተኻፋልነት ምፍኳስ፦ ንኹነታት ብግልኻ ጥራሕ ዘይኮነ ብዓይኒ ናይቲ ካልእ ሰብ'ውን ክትጥምቶ ፈትን።
• ሓታቲ ምዃን፦ እቲ ካልእ ኣንጻራዊ ጎንኻ እንታይ ማለቱ ምዃኑ ንምርዳእ ብዝግቡእ ሓቲትካ ምላሽ ክትረክብ ፈትን። ነብስ ምክልኻል ምግባር ኣይትፍተ። ሓታቲ ወይ ኣመዛዚ ምስ ዘይትኸውን መልእኽቲ ናይቲ ኣንጻርካ ሰብ ብንጹር ከይፈለጥካ ዘየድሊ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።
• ኣብ ህሉው ኩነታት ኣተኩር፦ ነቲ ኩነታት፡ ናይ ሕሉፍ ኩነታት እናዘከርካ ከተጋህሮ ኣይትፈትን።

ምንጪ፦ well and fitness

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# “ቢሮክራሲ” - ውሑዳት ኣብ ዝኸዱዎ ጉደና ትብዓት

ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዙሒ ደወል ተቐቢለ፡ “በርክራሲ እትብል መጽሓፍ ደሊናዮ ኣብዩ ክንረኽብ ኘኽእልና” እትብል ሕቶ ተደጋጊማትኒ።

“ኣብ ስተሸራታት ደለዩዋ” በልኩዎ ንሓደ፡ ኣብ ጸዕቂ ስራሕ ከለኹ ደጋጊሙ ስለ ዝደወለ ኣይተበርሃንኒ።

“ኣብኡ ደኣ ጠፊኡናዶ! ስኢንናያምበር” ኢሉ ምስ መለሰለይ ኣይተሓገስኩን።

“እሞ ንዓይ እንታይ ትብለኒ ኣለኻ፡ ኣነ ደራሲያ ወላስ ዘርጊሑዩ” በልኩዎ፡ ዳርጋ ሓሪቐዩ።

“ኢታ ነብስ፡ ኣብቲ መመረቕታ ክትዛረብ ኣብ ቪድዮ ስለ ዝረኣናካን ዝሰማዕናካን ኢና። ኢያ፡ ኣይትሕረቐባ ከኣ ከይትኣርገና።”

ቀልጢፈ ተረጋጊአ፡ “ይቕረታ ብጳይ፡ ብኻልኣይ ሓሮቐ ስለ ዝጸናሕኩ’የ። ሓቕኸም፡ እታ መጽሓፍ ትሰኣን ኣላ፡ ከም ዘለለኒ፡ ሰለስተ ግዜ ተሓቲማ ተወዲኣ። ድሕሪ ጽባሕ ደማ ዳግማይ ክትዝርጋሕ ምኻና ሰሚዐለኹ። ኣብ ኣውቲት፡ ጋለሪ ወይ መረብ ኣይትሰኣኑዋን ኢኹም” በልኩዎም’ሞ ዘይከም ቀንጠብ ኣጀማምራኡ፡ ዘረባና ብልዝብ ተደምደመ። ቅድሚኡ ሰሙንውን ሓደ ካብ ደገ ዝመጽአ ሰብ ነታ መጽሓፍ ደልዩ ስለ ዝሰኣና፡ ክምለስ ከኣ ተሃዊኹ ብምንባሩ ነዛ ኣብ መመረቕታኣ ብ150 ዝተሸጠት መጽሓፍ፡ ኣብ ጸለም ዕዳጋ ብ700 ናቕፋ ከም ዝዓደጋ ሰሚዐ ነይረ።


እንታይ ኮይኑ’ዩ እዚ ሰብ ነዛ መጽሓፍ ጫምጫም ኢሉዋ ኣለ ኣይተገረምኩን። ንዕለይ ንሓመሽተ ሰባት ህያብ ሰዲደሎም’የ። ንብዙሓት ደማ ኘኸንብበዋ፡ ክምስጥ ይኽእል’ዩ ብዝበልኩዎ ትረኻ፡ ካብ ትሕዝቶኣ እናጠቐስኩ ኣፎም ማይ መሊአዮ እየ። “እንታይ እዩ ዘለዋ እዛ መጽሓፍ” ሓተተኒ ሓደ ካብዮም ዘዕለልኩዎም።

“እንታይደኸ ዘይብላ! ዛንታ ኣለዋ ኣዘናትዋ፡ ሰብ ኣለዋ ሰባት፡ ፍቅሪ’ለዋ ሻቕሎት፡ ፍርሒ’ለዋ ትብዓት፡ እምነት ኣለዋ ጥልመት... ኮታ ኩሉ ኣብ ክሊ’ቲ እትጸወዩ ዛንታ ዘሎ ስምዒታትን ፍጻመታትን ኣለዋ” ብምባል ክምልሰሉ ፈቲነ። ሓቂ ይሓይሽ፡ ብዕወር ስምዒት ተደሪኸ ወይ ብውሑድ ኣስተብህሎ ተታሊለ ኣይኮንኩን ነዛ መጽሓፍ ዘሕደኩዋ። ኣብ 2009፡ ደራሲ ናይዛ መጽሓፍ፡ ማና ባህረ፡ ስም ሓደ ሰብ ጠቒሱ፡ ዛንታኡ ክጽሕፈሉ ከም ዝቖለ ኣዕለለኒ። እታ ስም ሽዑ ምስ ሰማዕኩዋ፡ ዝዩኽም ብዙሕ ካልእ ሐዘ ኣይፈኘኹዋን። ጸንሕ ኢለ ደማ ኣብታ ህብብቲ መጽሓፍ “ካብ ረቐ ሕፍንቲ” ናይ ተኪኤ በየነ ነታ ስም ምስ ሰኢለ እትውቅሎ ምሳሊ ኣብ ገጽ 212 ረኺበያ። ልበይ ምልሕ! ‘እዚ ደዩ’ታ እቲ ጅግና!’ በልኩ። ምልኩዕ ወዲ’ዩ። ደሓር ኣብ ዝነበቡዎ ዛንታኡ፡ መልክዑ ሓጋዚ ስለዮዊ ስርሑ ምንባሩ ተሰዊጡኒ። ምልኩዕነቱ ግዳማዊ ጥራይ ግን ኣይነበረን። ሕልፊ ሕወሱ ምጩው፡ ማራኺ፡ ሰላቢ... ኣዘራርባን ኣቀራርባን ከም ዝነበሮ ከይተሸገርካ ካብ ዛንታኡ ትኣርዮ።

ኣብ “ዓለም በቃዊ” በዓቲ ናይ ኢትዮጵያ ተኣሰርም ዝነበሩ ሓፋሽ ወዱባት፡ ድሕሪ ናጽነት ማሕበር ገዩርምስ ኣብ 2009 መደብ ምዝኽጋዕ ብምስራዕ ኣብ ፍልፍል- ሰለሙና ኣውዓሉዎ። ዛንታ “በርክራሲ” ክጽሕፍ ሽዑ ዕማም ዝተዋህቦ ማና ባህረ፡ ዝጥዕመና እንተ ኮይኑ ምስኣቶም ክዝከይድ ዓዪዲ ዘኖናሕሲ ዕድል ፈጢሩልና። ብዙሓት ካብኦም ወፋያት ምስ በርክራሲ ጥቡቕ ርክብ ዝነበሮም’የም። ምስ ጋዜጠኛ “ሓዳስ ኤርትራ” ዝነበረት ነኞት ኣረደኒ ናብቲ መደብ ከድና። ካብ ሽዑ’ዩ ብዛዕባ “በርክራሲ” ዝበሃል ወፋዪ፡ ማሰይምም ዛንታ ዝሰማዕና። ብዛዕባ ቅያታት ስለያ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብሓፈሻ ክዕለል ልብና ኣውዲቐና ሰሚዕና። ናይ ዓይኒ-ምስክርነት ዕላል ብምንባሩ፡ ካብ ኣእምሮይ ኣይሃሰሰን። ካብቲ’ዩ ደማ ብዛዕባ ማስርሕ ምእካብ ሓበሬታ፡ ምጽሓፍን ኣርትዖትን ምስ ማና ባህረ ብቐጻሊ ኣዕለልና መፈጸምታኣ ክርኢ ብሂገ። ድሕሪ 16 ዓመት እያ እታ ዕዮ ናብ ሕትመት በጺሓ። ጸዕርን ዓቕልን ዝሓተተ ምኻኑ ኣማትእኒ። ልዕሊ ኩሉ ተካፋሊ ዕማም ምስጢራዊ ስርሒታት ከተማ ዝጠቕሰ ብምኻኑ፡ ግልሁግልህ ኣብሉ ሓበሬታ ዝህቦ ብቐሊሉ ኣይርከብን። ዝተፈላለዩ ኣብ ንሓድሕዶም ዘይፋለጥ ጥብቂ ምስጢር ዝመላለዩኡ ማስመራት ስለ ዝነበሩ’ውን ሓበሬታ ንዘእክበ ‘ሃላክ’ ምኻኑ ርዱእ’ዩ። ክንጽ’ዚ ሓጺር’ዚ ብምኻድ ማና ባህረ፡ ኣብ መውዳእታ፡ ስምዒት እትቕስቅስ፡ ሓቦን እትፈጥር፡ ነቲ ብምልኣት ዘይተገልጸ ቅያ ስለያ ሰውራ ኤርትራ ክብሪ እትህብ ከምቲ ሓደ ወዚ ሓበሬታ ዝበሎ ደማ፡ “ንእሽተካ ዘይምግም ታሪኽ!” ዛንታ ትብዓትን ተወፋይነትን ሒዛ መጺኣ። ኣርእስታ፡ ማእከል ዛንታኣ ናይ ዝኾነ ወፋዪ ኣፈወርቂ ተወልደመድህን (በርክራሲ) ደኣ ትሓዝምበር፡ ከም ንኡስ ኣርእስቲ ሰፊሩ ዘሎ “ምስ ቃልሲ ከተማ” ዝብል ደማ ንብዙሓት ኣብ ቃልሲ ከተማ ሰውራ ኤርትራ ብሓፈሻ ናይ ህዝባዊ ግንባር ደማ ብፍላይ ዝተሳተፉ ወዕሎ’ያ እተዘንቱ። ማና ባህረ ኣብ መቕድም ናይታ መጽሓፍ ከምዚ ይብል፤ “በርክራሲ፡ ጉዳም ምስጢራዊ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ’ዩ። ትሕዝቶ ናይ’ዚ መጽሓፍ ግን ልዕሊ ምግላጽ በርክራሲ ይኸይድ፡ ታሪኽ በርክራሲ ንብዙሕ ናይ ከተማ ቃልሲ ስለ ዝትንክፍ። ብዛዕባ በርክራሲ ምዝራብ ማለት ዳርጋ ብዛዕባ’ቲ ካብ 1972 ክሳብ 1982 ዝነበረ ናይ ከተማ ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ምዝራብ ማለት’ዩ።”

ብመጠን ጸንከርነት ናይቲ ተልእኾ ምስ ዝርአ ከምዚ ዓይነት መጽሓፍ ምጽሓፍ ከበድ ዝነበሮ ንጹርን ርጉጽን ሓበሬታ ምርካብ’ዩ። ማና ባህረ እዚ ፈተነ’ዚ ብዘይሕለል ጻዕሩን በርባሪ ኣገባብ ምእካብ ሓበሬታኡን ከም ዘቃለሎ ኣብቲ መጽሓፍ ዘሎ ሓበሬታ ወፋያት ቃልሲ ከተማ ይምስክር። ንሱ፡ ከምዚ ብምባል’ዩ ኣብ ዕላት ምልላይ መጽሓፉ ነቲ ብደሆ ዝገለጾ፡ “ኣብ ማስርሕ ናይቲ መጽናዕቲ እንታይ ዓይነት ሰብ’ዩ ዘናዲ ዘሎኹ፤ እንታይደኸ እዩ ዝደርሐ፤ ዝብሉ ሕቶታት እናመላለሱ ክኸይድ ነይሮም። ኣብ ገዕዝ ሓደ ዓቢ ተልእኾ ዝፍጸም፡ ምስጢር፡ ብቐሊሉ ዘይፍለጥ ዕማም ዝበሮ ሰብ ኮይኑ ረኺበዮ። ምስጢር ባህርያቱን ብዛዕባ ምስጢር ስርሓት ዝሕብር ደማ ንብሉ ስክፍን ዕቑበን ምንባሩ ተወሳኺ ብደሆ ነሩ።”

ብኣሰኣል ሓርበኛታት ቃልሲ ከተማ ብሓፈሻ ናይ በርክራስን ስድራቤቱን ደማ ብፍላይ ማግዲ፡ ወዕሎ ጀጋኑ ብዝኣምን እተዘንቱ “ኣልቦም ምዑታት ምስጢራውያን ተቓለስቲ ከተማ” ክትብሎ ትብዓት ትረኽቡ። መጽሓፍ በርክራሲ ብሓፈሻውን ዝርዝራውን ሓበሬታ ጀሚራ ናብቲ ብልሒ ፍጻመ ንኽትበጽሕን መደምደምታ ክትግበርን ዝተጠቕመትሉ




ጥበብ ኣዘናትዋ ምርኣይ ብልጫኣ’ዩ። እዛ 335 ገጻት ጽሑፍን ስእልን ዘለዋ ሰድ’ዚኣ ነቲ ወዕሎ ክትፈትልን ነቲ ፍትሎ ዘርዝራ ሰብ ብዘርድኦ ዝቐበሎን ዝኣምኖን ኣገባብ ከተቕርብን ንጹሓፊኣ ጸሚዳ ከም ዝሓዘቶ ባዕላ ምስክር’ያ። ካብቲ ፈለማ እዋናት ጀሚራ፡ ዛንታ “ኣምለሱ ተሰፋዬ” ጸውያ ክሳዕ ማሕበሰብን ክጽዮኡን ንዘዘርጋሕ ጸዕቂ ፍጻመታት፡ ሓደጋ ዝመልኦ ኩነታት፡ ሃደን ደሙን ኣንጭዋን ትብዓትን ክድዓትን ዝርኣየሉ መድረኻት... ሐዛ ምስ ክዉንነት እተጋጥም እያ።

ንበርክራሲ ዝተዋህበ ዕማም ሕልፊ ኩሉ ነገር፡ ትብዓት፡ ብልሓት፡ ምስጢራውነትን ጥበብን ዝሓትት ብምንባሩ እዚ ምልምል ኀበዘ ንኸሙሉ ዝጠርጠሮ ኣይነበረን - ካብ ቀረብቱ ከይተረፈ። ብዙሕ ዝኣሰማት ሰበር ቅርጹ ብምንባሩ፡ ስሙ ዝፈልጡዎ ኣመና ውሑዳት’የም። እታ ንስሙ ዘሀሰሰት ሳጓኡ ብዙሓት ይፈልጡዋ፡ ናቱ ምኻና ግን ኣይርድኡዎምን። ኣብ ሓደኛ ቃልሲ ከተማ ብምልኣት ጥሒሉ ምንባሩ ዝእንፍት ምልክት ኣይትርእየሉን። እቶም ውሑዳት ብስራሕ ምስኡ ዝራኸቡ ይኣምኑዎን ይደንቖሉን። ተኪኤ በየነ ኣብ መጽሓፉ - “ካብ ረቐ ሕፍንቲ” ገጽ 211 - ብዛዕባ በርክራሲ ካብ ዘሰፈሮ፡ “ከም በርክራሲ ደፋርን ክኢላን ኣነ ኣየጋጠመንን። ብባህሪኡ ንስለያ ዝተፈጥረ ሰብ እዩ ዝብሎ ነይሩ” ዝብል ንረኽብ።

“በርክራሲ” ከም ወካሊ ቃልሲ ከተማ ስሙ ዝዩዳ ዝተጋውሐ፡ እቲ ወፋዪ ኢትዮጵያዊ ደራሲ፡ በዓሉ ግርማ ኣብታ ህብብቲ ደሓር ህይወቱ ዝለኮመት “ኦሮማይ” ዘርእስታ መጽሓፉ ምስ ጠቐሶ’ዩ። “በርክራሲ”፡ ዳርጋ ስም ደቂ ሕደርትና ኮይኑ ኣብ ከበቢ ጸላኢ ዝነበረ ክሳዕ ትሕዝቶ ውሸጣዊ ኣካላቶም ከይተረፈ ብዝርዝር ዝፈልጥ ሰብ ምንባሩ ብዙሕ ተዛሪቡሉ። በዓሉ ግርማ ኣብ መጽሓፉ ብዛዕባ በርክራሲ ከምዚ ይብል፡

*ኮሎኔል በትሩ ተሰሚ ምስ ጺጋይ ይዛረረቡ፡*
*“በርክራሲ ዝበሃል ሰብ ሰሚዕኩዶ ትፈልጥ፤”*
*“እንታይ እዩ ንሱ፤”*
*“ናይ ኮድ ስም’ዩ። እቲ ሰብ ግርማይ፡ ኀይትኦም፡ ንርኣዮ፡ ኣፈወርቂ... ክኸውን ይኽእል፤ ወይ ደማ ብኸሉ ስም ዝጥቀም ሓደ ሰብ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ ኣብ ጥቓና ዘሎ ሰብ’ውን ክኸውን ይኽእል’ዩ።”*

በዓሉ ግርማ ብቐንዱ ወዕሎ ሻድሻይ ወራር ዝገልጽ መጽሓፍ ይጽሕፍ ኣሎ ምስ ሰምዐ በርክራሲ፡ ንሓደ ብጻዩ፡ “በዓሉ ግርማ መጽሓፍ እንተ ደኣ ጽሒፉ፡ ፍሽሉኦም ክገልጽ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ቁምነገር ክህልዎ ኣይኮነን!” በሎ።

ምስ ኣፈወርቂ ተወልደመድህን (በርክራሲ) ኣብ ስርሒት ከተማ ካብ ዝሰርሑ ዝነበሩ ጉብረሚካኤል እስቲፋኖስ፡ “በርክራሲ፡ ንሜዳ ምብጋሽና ደው ኣቢሉ፡ መሰዋእትና ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝድለ ተኸራኸረና። ድሕሪ ብዙሕ ክርክር ተቐቢልናዮ ኣገልግሎትና ቀጺልና፡” በለ ኣብ መደብ ምልላይ መጽሓፍ “በርክራሲ” ቃሉ ኣብ ዝሰመዐ።

“ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣየና ሓያል ግፋ ስለ ዝጸንሓና፡ ካብኡ ንምኽዋል ቁሩብ ተሸገርና። ድሕሪ ንኣርባዕተ ወርሒ ምስ ጸገሬዳ ምቕማጥና፡ ጸገሬዳ ንወጻኢ ክትገይሽ ስለ ዝደለየት ምስ በርክራሲ ኣብ ‘ሶማሌ’ ተራ-ገዛ ተኻሪና ክንቕመጥ ጀሚርና። ናብ ኣዲስ ኣበባ ክትመጽኣና ንጸብያ ዝነበርና ሬድዮ ርክብ ስለ ዝደንጎየት፡ መደብና ተዓናቒፉ። ንኣዋርሕ ድሕሪ ምጽባይ፡ ሬድዮ ክሳዕ እትመጽኣና ናብ ሜዳ በጺሐ ክምለስ ስለ ዝተረዳዳእና፡ በርክራሲ ብናይ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣፋራት (ኣንቴናት) ክሰምራ ኣፋንዩ።” ዝበለት’ውን ካብ ሜዳ ንሰለያዊ ስራሕ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝኣተወትን ምስ በርክራሲ ዝተራኸበትን ተጋዳሊት ኣብርሀት ፍስሓ እያ።

ብፈርቲ ኮነ ዝተፈላለየ ትካላት ኢትዮጵያን ላዕለዎት ሰበስልጣን ናይ’ታ ሃገርን ዝቆደድ ምስጢራዊ ስራሓት ሓደ ካብቲ ንበርክራሲን ብጾቱን ክሰዕ ክንደይ ኣብ ከበቢ ጸላኢ ኣትየም ምንባርም ዝሕብር ክፋል’ዩ። ኣብ ውሽጢ ዓቢ ስግኣት፡ ከይረኽብኩ ከይፈልጡኒ ዝብል ፍርሒ ቦታ ከም ዘይብሮ መጽሓፍ “በርክራሲ” ጽብቕቲ መወከሲት’ያ። ብጥበብ ኣዘናትዋ ሃብታም ብምኻና፡ መሰሳ ትፈጥር፡ “ማስተማክር ቅያ ዝሓለፈ ብጥበብ ኣዘንትዩ ዘሕብሩን ዝብደህን መጽሓፍ... ዕምቆትን ሰፍሓትን ዝመላለዩኡ ግድን ክንብቦ ዘለዎ መሳጢ ኤርትራዊ ዛንታ!” ኣሕተምቲ ሕድሪ ብዛዕባ እታ መጽሓፍ ከም ዝበሉዎ።

ደቂ ሰቡ ዕላማ ዝሓተየም ዋጋ ክኸፍሉ ዘርእዩዎ ትብዓት፡ ብልሓት፡ ተዓጻጻፍነት ማሰይምም’ዩ። ዝኸበደ ዋጋ ክትከፍል ድሉው ምስ እትኸውን ንምፍጻሙ ጥርዚ ትብዓት ተሕድር። ኣሚኑን ኣእሚኑን ንዝለኣኾ ወገኑ ቀሲኑ ከም ዝሓድር ምግባር ውሑዳት ዝኸዱዎ ጎደና ትብዓት’ዩ። ኣብ መንነ ንባብ መጽሓፍ ዓጺፍካ ኣዕሚቕካ ብምሕሳብ ነዊሕ ከም እተሰተንፍስ ዝገብረካ ዛንታ’ሉ። ዛንታ ስርሒታት ከተማ ዛንታ ትብዓት’ዩ፤ ዛንታ ጥበበ’ውን። ከም ዓለባ ሳሬት ኣብ ንሓድሕዱ ዝፈታተል’ዩ። ግን ከኣ ብሓንቲ ብታኽ ተዘርዚሩ ንኸይብዞን ኣብ ሓድሕዱ ዝጠናነገ ግን ዘይፋለጥ ኣፈታትላ ኣለዎ። ሓንቲ ፈትሊ ብጸላኢ ምስ እትህደን እቲ ሰር ኣይርከብን።

ኣብዚ ስርሒታት ከተማ ዝጸዊ መጽሓፍ’ዚ፡ በርክራሲ ዝበሃል መሕደሪኡን መወዓልኡን ዘይፍለጥ “ወዲ ሕድርትና”፡ “ግዜ” መሰል ሰብ’ዩ እቲ ሰላቢ ልቢ። ሰብ ደዩ! ዝብል ዘናውጽ ቅያታት ፈጺሙ፡ ኹና ኣብ ማእከል ጸላኢ ይነብር። ሃደን ደሙን ኣንጭዋን እንክመስል፡ ናይ ህይወትን ሞትን ማስርሕ እናኸደ፡ ሓንሳብ ሃዳኒ፡ ሓንሳብ ተሃዳኒ ኮይኑ ንተልእኾኡ ብዘለዓለ ክእለት ይፍጽሞ። በርክራስን ብጾቱን ዕላማኦም ንምፍጻም፡ ትብዓትን ብልሓትን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብሪኾም፡ ንጸላኢ ከም ዓለቅቲ ኣብ ጎረሮኡ ሰፊሮም፡ ኘቕድመ ግንባርን ደጀንን ሰውራ፡ ጸኑዕ ደጀን ኣብ ከበቢ ጸላኢ ከም ዝበሩ ትምህከር። በርክራሰን ብጾቱን ንዝወደቐሉ ዕላማ ሃገር፡ ህይወት ዝበኸ ኣጉዳሲት ሰደ። ንብዙሓት ኣንበብታ፡ ኣውራ ደማ ንመንእሰያት ኤርትራ፡ ማስተማክር ቅያ ዝሓለፈ ኣዘንትያ እተሕብርን እትብደህን መጽሓፍ።

ደገም፡ ኣብ ማህደረ ቃላትና፡ “በርክራሲ” ዝብል ቃል፡ ቃል ትብዓትን ጅግንነትን ክወክል’ዩ። ንቕያዊ ስርሒታት ከተማ ገድሊ ኤርትራ፡ ኣውራ ደማ ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ክብሪ እትህብ፡ ዕምቆትን ሰፍሓትን ዝመላለዩኡ ግድን ክትንብቦ ዘለዋ ኤርትራዊት መጽሓፍ።

ኣብዚ ዛንታ’ዚ ካልእ ዘሰደመመኒ ንበርክራሲ ናብዚ ሓደገኛ ስርሒት ከተማ ዝወደቦ ምዕዶ ሓፍቱ ኣልማዝ ተወልደመድህን ምኻና’ዩ። ንዋሒ ብሓዋር ሰሪሓም። ሰድራ ምልእቲ’ያ ኣብቲ ሃገራዊ ቃልሲ ተሳቲፋ። ዝተኾልፈ ወዑይ ፍቕሪውን ኣካል ተንካፊ ሰብኣዊ መዳይ ናይታ መጽሓፍ’ዩ። ማና ባህረ፡ ጻዕሩን ክእለቱን ዘርኢ ብሉጽ ዛንታን ኣዘናትዋን ስለ ዘቕረበልና ክብረት ይሃበልና።



ቢሮክራሲ ምስ ኣፍቃሪቱ ፍረወይኒ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ደርሆ፣ እንቋቑሖን)
ዓዳጊ፦ ሓይሊ ኣየር
ኣርእስቲ ዕድጊ፦ ውዕል ዓመታዊ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሓይለ ኣየር ኤርትራ ብዓመተ 2026 ካብ ወርሒ 01/2026 ክሳብ ወርሒ 12/2026 ንኣባላትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኮማርት ስለ ዘደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።
1. ሓይለ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ደርሆ፣ እንቋቑሖን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተወዳደርቲ፣ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ መንነትን የቕርቡ።
4. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓ/ኣየር 155506 ወይ 155500
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፣ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥሪ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፣ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልትታት፣ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10፡00 ተወዳደርቲ፣ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፣ ሱ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 50.000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ ) ክሸፈን ኣለዎ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ።
9. ሓ/ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።


ሓይለ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155506/155500



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ክቡር ብጻልቤተይ ኣቶ ኤርሚያስ ሚካኤል ተኸለሃይማኖት፣ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዝቓበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዛዘና ንገልጽ።

ብጻልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሳምራዊት ግርማይ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ ዘፍቅሮ ክቡር ብጻል ቤተይ ኣቶ ብርሃ ተወልደብርሃን ጸገ (ወዲ ጣሻይ) ተቐማጢ ሮማ ኢጣልያ፣ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ጊዜ ሕማሙ ኣትሒዝኩም ዝተመላለስኩምን ድሕሪ ዕረፍቱ ዝቓበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን፣ ካብ ወሽጥን ወጻእን ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ብጻልቲ ቤቱ ወ/ሮ ትዕበ ሃይሉ፣ ደቁ ሱልጣንን ዳኒኤልን
ምሉኣት ስድራቤትን።

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ስጋ፣እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፣ ዝተቓመመ በርበረ፣ ጸባ ከብቲ፣ ዕንጸይቲ፣
ኣሃዱ፦ ዞባዊ መወከሲ ሆ/መንደፈራ፣ ቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርስ መንደፈራ፣ ኮማዊ ሆ/ደባርዋ፣ ኮማዊ ሆ/ዓረዛ ሆስፒታል ዓዲ ኳላ፣ ኮማዊ ሆ/ኣውሓ፣ ሆ/ደቀምሓረ፣ ኮ/ሆ/ ማይ ዓይኒ፣ ኮ/ሆ/ሰገነይቲ ሆ/ዓዲ ቐይሕን ሆ/ሰንዓፈን
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ንዓመተ 2026 ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከብ ሆስፒታላትን ቤ/ት ተሓጋገዝ ነርሳን ንሕሙማትን ተመሃሮን ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኮማርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ብሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ስጋ፣ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፣ ገፍፎ በርበረ ምስ ቀመመ፣ ጸባ ከብቲ፣ማሰንከቲ ጣንን መጥሓኒ እኽልን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም። (ጨረታ ኣሕምልትን ፍረታትን ብዞባዊ ሆ/መንደፈራን ቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርስ መንደፈራን ኣይምልከትን)
2. ተወዳደርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2024 ናጻ ካብ ዕዳ ናይ ኣታዊ ወሰጠ ሃገር፣ ቅዳሕ መንነትን ቅብሊት ናይ ፕሮፎርማ ዝኸፈሉሉ የቕርቡ።
3. ብቑዓት ተወዳደርቲ፣ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ጨረታ ኣብ ታሕቲ ብዘሎ ኣድራሻን ዕለትን ሰዓት 09፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ይግባእ። ጨረታ፣ ተወዳደርቲን ሕጋውያን ወከልትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ታሕቲ ተሓቢሩ ብዘሎ ማሰረት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ነፍሲ ወከፉ 50,000.00፣ ንእንቋቑሖ፣ ንገፍሮ በርበረ ምስ ቀመመ ጸባ ከብትን ነፍሲ ወከፉ 20,000.00 ከምኡ'ውን ንማሰንከቲ ጣንን ንመጥሓኒ እኽልን ከኣ 10,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (Cpo) (ብዘወሳኺ ቅዳሕ ሲፒኦ) ሒዞም ክቕርቡ ይግባእ።
6. ተወዳደርቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ዓይነት መግቢ ብናቱ መጎዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ ትካል ጥዕና የብጽሕ።
7. ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
8. ጨረታ ዝካየደሉ ዕለታት ደቀምሓረ 21/10/25፣ መንደፈራ 22/10/25፣ ዓዲ ቀይሕ 23/10/25፣ ሰንዓፈ 24/10/25፣
ተወሳኺ ሓበሬታ
1. መወዳደሪ ቅጥዒ ጨረታ (ፕሮፈርማ /Proforma) 2026 ካብ ዞባዊ ሆስፒታል መንደፈራ ቁጽሪ 20 ብዘወሳኺ ካብ ሆ/ዓዲ ኳላ፣ ደቀምሓረ፣ ሰንዓፈን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱ ይኽእሉ።
2. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፦
2.1. ካብ ኣብ ቁጽሪ ሓደ ተጠቒሶን ዘርከብ ትካላት ጥዕናን ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ቁጽሪ 12 (611130) ክወክሱ ይኽእሉ።
2.2 ሓበሬታ ብኣካል ይኹን ብቴሌፎን ምውካስ ይከኣል።

ቁ.ሳጽ ሰልኪ 115
P.O.Box
Tel No. 611622
Fax 611630

## ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፣ በርበረ ምስ ቀመመ)
ዓዳጊ፦ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንዓመተ 2026 ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ንኣብ ትሕቲኡ ዘርከቡ ተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኮማርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።
1. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሰቤዛ፣ በርበረ ምስ ቀመሙን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተወዳደርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2023/2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2023 /2024 ክሊራንስን፣ መንነትን የቕርቡ።
4. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዘርከብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 401229/163095 ብምድዋል ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥሪ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፣ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፣ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተወዳደርቲ ፣ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፣ ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ልክዕ ድሕሪ 7 መዓልቲ ካብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ኣብ ስራሕ መዓልታት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቐ ደሓር 10፡05 ቅ.ቐ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ ወይ C.P,O ናይ ኣስቤዛ 200,000 ናቕፋ ከምኡ'ውን ንናይ በርበረ ምስ ቀመመ 50,000 ናቕፋ ክሸፈን ኣለዎ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ።
9. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ቁ.ሳ.ፖ 397 ከረን፣ኤርትራ
ቁ.ቴሌፎን 4012219/163095

ሽባብ
ሃ ማ መ ተ ኤ

ሓሳባት

# ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ኤርትራውያን ንኤርትራ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ከም ዝፈጠረ፡ ኣብ መጀመርታ ከኣ ምድሪ በረኻን ጥራያን ከም ዝነበረት ሃይማኖት ዝመሃረና እዩ። እዚ ከም ዘለዎ ወሲድና፡ ኣምላኽ ንዓለም እምበር ንሃገራት ከም ዘይፈጠረ ግን ክንሰማማዕ ይግባእ። ሃገራት ብጥበብ ኣምላኽ ዘይኮና ብጥበብ ዜጋታተን እየን ዝህነጻ። ሃገር ናይ ዜጋታታ፡ ዜጋታት ከኣ ናይ ሃገሮም እዮም። ኣብ ህንጸት ሃገር ቀልዓ ሰበይቲ፡ መንእሰይ ሽማግለ ነናቶም ብጽሒት ኣለዎም። ቀልዓ ዝሰርሖ ወለዱ ከልዕልዎ ኣይክእሉን እዮም። ሽማግለታት ዝገብርዎ ከኣ መንእሰያት ወይ ብግልባጡ ክገብርዎ ኣይክእሉን። ብዓይኒ ሃገር ኩሎም ነናይ ገዛእ ርእሶም ተልእኾ ዘለዎም ደቂ ሃገር (ሰባት) እዮም።

ኤርትራ ንኤርትራውያን ከም ጭርሖን መትከልን ካብ ዝለዓል ልዕሊ 80 ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። እዚ ፈለማ ብወለዶ ናይ 1940ታት ዝተቓልሐ ድሃይ'ዚ በቶም ኣብ 1950ታት ዘርከቡ ተደጊሙ፡ ሰውራዊ ወለዶ ከኣ ብድምጺ ብረት ኣሰንዩ ኣቃሊሕዎ። ወለዶ ናጽነት'ውን ነዚ ታሪኻዊ መትከል ወሪሱ ኣቃሊሕዎ። ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብል ዘለኹ ነታ ብወግዒ ብ18 ለካቲት 1947፡ "ማሕበር ነጻነትን ዕብየትን ኤርትራ፡ ኤርትራ ንኤርትራውያን" ብዝብል ስም ኣብ ዓዲ ቐይሕ ዝተመስረተት ናይ ፖለቲካ ሰልፊ ኣይኮንኩን። ክጽሕፈሉ ተበጊሰ ዘለኹ ነቲ ሓሳብ፡ ሕልሚ፡ ባህጊ፡ ሃንቀውታ ከምኡ'ውን "ኤርትራ ንመን" ተባሂሉ ኣብ



ዝተሓተተሉ ዝቐረበ መልሲ እየ ከውግዕ ደልየ።

እንግሊዛውያን ነታ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ከመሓድርዋ ዝሓዝዋ ሃገረ ኤርትራ፡ ከምዚ ዋና ስኢና ዝጠፍኦት ንብረት'ሞ ዝረኸብዋ ኣምሲሎም ሒዞም፡ ናብ መድረኽ መጋባእያ ሕቡራት ሃገራት ወሲዶም፡ "ኤርትራ ናይ መን/ንመን" በሉ። ብዙሓት ሃገራት ልበን ተሰልባ፣ "ናተይ ናተይ" ከኣ በላ። ኢትዮጵያ፡ "ኢጣልያውያን እዮም ካባይ መንጢቶም ወሲዶማ እምበር ናተይ እያ፡" በሉ። ግብጺ'ውን፡ "ምጽዋዕ ካብ ቀደም ናተይ እያ ነይራ፡" በለት። ኢጣልያውያን'ውን ዝመጸውዎ መረቐ ኤርትራ ስለ ዘይጸገብዎ፡ "ናተይ" በሉ። ኣመሪካውያን ከም ኣውጻእቲ ሓርነት ነብሶም ስለ ዘላለዩ፡ ጉልባቦም ቀሊዖም "ናተይ" ክብሉ ስለ ዘይደለዩ፡ "ንስትራተጅያዊ ረብሓና ምስታ መሓዛና ኢትዮጵያ ክትቁረን ወሲንና ኣሎና፡" በሉ። እቲ ናይ ኢትዮጵያ ከም ናቶም ስለ ዝሓሰብዎ ኣይተጋገዩን። ኤርትራውያን ፈተውቲ ሓርነት ከኣ "ኤርትራ ንኤርትራውያን" በሉ። ኩሎም ኤርትራውያን ግን ናይ ኤርትራ ኣይነበሩን። ኣብ ርእሲኡ፡ እቲ ብመንእሰያትን ዓበይትን ኤርትራውያን ዝጥለብ ዝነበረ ናጽነት በቶም ኣንጻሩ ዓቢ መቓልሕ ዝፈጥሩ ዝነበሩ ተዋሒጡ። ዋላ ደኣ ይወሓጡ እምበር፡ እቶም መንእሰያት ናይቲ ግዜ ምስ ዓበይቲ እናተማኸሩ ነታ ናይ ናጽነት ሓሳብ ከዕቑብዋ ከኣሉ።

ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ኣብ ሕዳር 1950 ኣብ ቅድሚ ፖለቲካዊ ኮሚተ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ደው ኢሎም፡ "ስለምንታይ ኢና ንሕና ነዚ ባህርያዊ መሰል ናይ ኩለን ሃገራት ዝኾነ ናጽነት እንኽላእ ዘለና፧" ብምባል ኣምሪሮም ሓቲቶም። እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ጉባኤኛታት ግን መንኩቦም ሰው ኣቢሎምሉ ስቕ በሉ። ከሻቕሎም ኢሉ ከኣ፡ "ግጉይ ውሳኔ እንተ ደኣ ተወሲዱ፡ ንዕኡ ንምቅዋምን ናጽነትና ንምርካብን ንምዕቃብን፡ ከምኡ'ውን ህላወና ንምርግጋጽ ክንገብሮ ብእንግደድ ተቓውሞ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክፍጠር ንዝኽእል ግጭትን ምልዕዓላትን፡ ኣባላት እዚ ኮሚተ'ዚ ተሓተቲ ክኾኑ ኢዮም፡ " ኢሉ ከፈራርሖም ፈቲኑ። ሕጂ'ውን ወይከ! ነዚ ሓይሊ ቃል'ዚ ዝዕጅብ ሓይሊ ብረት ስለ ዘይነበረ፡ ዝፈርሐ ወይ ዝተሰከፈ ኣይነበረን፣ እቲ መስርሕ መሻጣ (ፈደረሽን) ከኣ ተፈጸመ። እቲ ዝተዋህበ ውሳነ ብዘየገድስ፡ ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን፡ ኤርትራውያን ከኣ ናይ ኤርትራ ምኻን ቀጸሉ። ፍቕሪ፡ እምነት፡ ክብሪ ዘይፈልጡ ምስ ጓና ዝዓርኩ ካብ ቀደም እዮም ነይሮም። ንኤርትራ ኣብ ልቦም ዘሕደሩ (መሕደር ሃገር) ዝኾኑ ፈቃራት፡ እሙናት፡ ክብሪ ዝፈልጡ ሳላ ዝነበሩ ግን ኣይሰዓሩን። ተሓጋጋዚ ኣዳላዊ ደሃይ ኤርትራ ዝነበሩ ክቡር ኤልያስ ተኽሉ ኣብ 1952 ሎቕመጽመጽ ናይ ሸየጥቲ ዓዲን ክብርን ዒቕ ምስ በሎም፡ "'ኦም ብኦም' ከም እተባህለ በቶም ቀጽሮም ውሕድ ዝበሉ፡ ኩብዶም ዝኣምላኾም ኣሕዋትና ገቢሮም ኣብ ኣርዑት ሓጺን ኣእትዮም ናይ ዘለዓለም ባሮቶም ክይገብሩና ንጠንቀቕ፡ ጽባሕ ሓደ ነገር እንተኾነ፡ 'ምኣስ ከምዚ ዘመጽእ መሲሉና' እንተ በልና ኣይጠቕመናን ኢዩ፡" ብምባል ጸሓፉ።

ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን ምባል ዝድምሮ የለን። ገዛ ናይ ዋናኣ ምዃና ፍሉጥ ነገር'ዩ። እቲ በዓል ገዛ ግን ንገዝኡ ገዛይ ይብልዶ? እዩ እቲ ቀንዲ ነገር። ገዛ ብቐናእ ጎረቤት ጥራይ ኣይኮነትን ትፈርስ። ኣብ ሓቂ እንተ መጺእና ካብ ጠቕላላ ዝፈረሰ ገዛውቲ፡ እቲ ብዋናታቱ ዝፈረሰ/ዝዓነወ ይበዝሕ። ብዛዕባ ገዛን ቤትን ዝገልጽ ክርክር ክወስደኩም ኣይደልን እየ። ኤርትራ ንኤርትራውያን ካብ ምዃን ሓሊፉ ንኻልእ ክትከውን ከም ዘይትደሊ፡ ከም ዘይትኽእል፡ ከም ዘይግባእ ኣርባዕተ ነጥቢ ተገይርሉ'ዩ። እቲ ብቐጻሊ ክሕተት፡ ክረጋገጽ፡ ክፍተሽ ዘለዎ፡ "ኤርትራውያን ንኤርትራ" ተሰሊፍና፡ ተኣሚና፡ ኴንና፡ (ብሓሳብን ግብርን) ኣሎናዶ ዝብል እዩ ክኸውን ዘለዎ። ስምን መንነትን ናይ ኤርትራ ዝተቐበለ ሰብ ብፍላይ ከኣ መንእሰይ፡ "ናትኪ እየ" ክብል ኣለዎን ይግብኦን። እንተ ዘይበለኸ ነብሱ ጉድኣ!

ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኣብታ ኣብ 5 መስከረም 1951 ኣብ ጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራ ዝጸሓፍዋ "ምዕዶ ንመንእሰያት ደቂ ኤርትራ" እትብል ውርይቲ ዓንቀጾም፡ "ናይ ካልኦትን ንካልኦትን ኣይትኹኑ" ኢሎም ነይሮም። ኤርትራውያን ብዘይካ ንኤርትራ ንኻልእ ኣይትለኣኹ፡ ትውክልትኹምን ተሓታትነትኩምን ንኤርትራ ጥራይ ይኹን ማለቶም እዩም። እዚ ዘረባ'ዚ ኣብ ዝተዘርበሉ ዘመን፡ ብዙሓት ዓበይትን መንእሰያትን ኤርትራ ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ኣብ ክንዲ ንጥቕሚ ኤርትራ ንጥቕሚ ካልእ ክውዕል ዝፈቐዱ ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣቦይ ወልደኣብ ነቲ ዝነበረ ትዕዝብ ውዒሎም ምስ ሓደርሉ እዮም፡ "ናይ ካልኦትን ንካልኦትን ኣይትኹኑ" ዝበሉ።

ኤርትራ ንኤርትራውያን እምበር ናይ ካልእ ከም ዘይትኸውን ማሕተም ደም ዝተነብረሉ ዕሩፍ ጉዳይ'ዩ። ኤርትራውያን ንኤርትራ ከም ዝኾኑ'ውን ኣብ ታሪኽ ደጋጊሞም ኣመስኪሮም እዮም። ደቂ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት፡ ንኻልእን ናይ ካልእን ንምግባሮም ዝፈሰሰ ገንዘብ፡ ዝወጽአ ውጥን፡ ዝተኣልመ ተንኰል ማእለያ የብሉን። ኣብ ኤርትራውነቱ ዝዋገ፡ ብመንነቱ ዝሸማቐቕ፡ ንሃገሩ ኣሕሊፉ ዝህብ ዕስለ ክፈጥር ብዘይ ምኽኣሉ ግን ፍረ ኣይሃበን። ከምቲ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝኾነት፡ ኤርትራውያን ከኣ ንኤርትራ ከም ዝኾኑ ኣብ ውዑይ ዝሑልን ኩነታት ኣመስኪርና ኣለና።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ዘይምሕላል

ሱራፌል ተ.

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ 86,400 ናቕፋ መዓልታዊ ይቕመጠልካ ኣሎ። እዚ ንመዓልቲ ግድን ትጥቀመሉ'ዩ፣ ዝሓድር ወይ ዝውህለል ገንዘብ የብልካን። ምሸት-ምሸት እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ ካብ ሕሳብካ ክእለ እዩ። እሞ በዚ ሰልዲ እንታይ ምገበርካ? ነፍሲ ወከፍ ናቕፋ ካብ ሕሳብካ ኣውጺእካዶ ምተጠቐምካሉ? ቅድሚ ንባብ ምቕጻልካ'ባ ንእሽተይ ሕሰብ!

"መን'ሞ ክህበኒ?" ዶ ኢልካ!? ተመሳሳሊ ባንክ ንኹልና ኣሎና። "ግዜ" ድማ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንግሆ-ንግሆ 86,400 ካልኢታት ኣብ ሕሳብካ ይወሃበካ።

ካብዚ እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ (ካልኢት)፡ ብላሽ ወይ ኮንቱ ተባሂሉ ይስረዝ። ካብተን ናይ መዓልቲ መቑንንካ፡ ንላዕሊ ክትልቃሕ ወይ ልዕሊኦን ክትጥቀም ኣይከኣልን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ባንክ ሕሳብካ ይሕደስ፣ ነፍሲ-ወከፍ ምሸት ከኣ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ይኸውን። ንመዓልቲ ኣብ ሕሳብካ ዝተቐመጠልካ ገንዘብ እንተ ሓሪሩ፡ ውድቀትካ ወይ ስዕረትካ'ዩ ዘመልክት። ይግባይ ኢልካ እውን ክምለስ ኣይከኣልን እዩ።

ካብ ናይ ዝመጽእ መዓልታት መቑንን እንተ ደለኻ'ውን ክትረኽቦ ኣይከኣልን። ካብ ናይ ካልእ ሰብ'ውን ክትወስድ ኣይትኽእልን፣ ካብ ናትካ'ውን ክትህብ ኣይትኽእልን። እቲ ግዜኻ፡ ግዜኻ ጥራይ እዩ፣ ኣኸለ።

ከምቲ ንገንዘብካ ኣበይ ከም እተውዕሎ ትሓስበሉን ትውስነሉን፡ ግዜኻ ኣበይ ከም እተሕልፎ'ውን ክትሓስበሉን ክትውስነሉን ዘለካ ንስኻ ኢኻ።

እዘን ናይ መዓልቲ ብጽሒትካ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ክትቀመለን ኣይትተሓለል።

### እቲ ወሓለ ነዳቓይ...

ኣመና ክኢላ ነዳቓይ ነበረ። ንንዊሕ ዓመት ከኣ ምስ ሓደ ኮንትራክተር ብተወፋይነት ሰርሐ። "ሕጂስ ይእኽለኒ፡" ብምባል ስራሕ ደው ክብል ምዃኑ ንኣስራሒኡ ሓበሮ።

ኣስራሒኡ ብወሳነ እቲ ብኽእለቱን እምነቱን መዛና ዘይረኽበሉ መሳርሕቱ ሳሕ ገዲፉ ኮፍ ክብል ምውሳና ሕማቕ ተሰመዮ። "በል ናይ መወዳእታ ሓንቲ ገዛ ንስራሕ፡" ብምባል ለሚኑ ሕራይ ኣበሎ።

ክኢላ ነዳቓይ፡ ወኑን ንያቱን ኣጥፍአ። ናይ መወዳእታ ዝህንጻ ገዛ ኣይሰሓበቶን። እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ጥበቡ ጠፈአ። ብዕሩብ ሕልና ነታ ገዛ ሰሪሑ ወደኣ። ናብ ዓምኡ ብምኻድ "ተወዲኣ ኣላ፡" በሎ።

እቲ ኣስርሒ ናብታ ዝተሰርሐት ገዛ መጽአ። እቲ እሙን ነዳቓይ ከኣ ክርእያ ዓደሞ። እቲ ኣስራሒ ግን ክርእያ ኣይተሃወኸን። ናይ ዋንነት ሰነድ ዝሓዘ ወረቐትን መፍትሕን ነቲ ነዳቓይ ኣብ ኢዱ እናሃበ፡

"እዛ ገዛ ንዓኻ እያ። እቲ ብሓደ ዝሓለፍናዮ ዓመታት ዝገበርካዮ ኣበርክቶን፡ ክእለትካን ውሕልነትካን ርእየ እዛ ገዛ ከም ህያብ ክህበካ ወሲነ፡" በሎ።

Inspirationalstories.com

# መዘናገዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኑብስኻ ምግምጋም

ጸገምን ፈተናን በዚሐቲ ኢልካ ኢድካ ንውድቀት ዝሃብካ ዲኻ? ሰቡት በደል ኣውሪዶምለይ ኢልካ ህይወት ካልእ ምርጫ ከም ዘይብላ ደምዲምካ፡ ኩሉ ዘዋደቐካ ሰብ ዶ ትኸውን? ወይስ ካብዑም ምንባር ሓደ እዩ ሕልፈቱ ኢልካ ክትድቅስ ዝመረጽካ ኢኻ፡ እስከ ኑብሰኻ ገምግም፡፡ “ካብዑም ሓጻር ዓቕብ ምስ ተረፈቶም ተስፋ ጸንቂቖም ምጉዓዝ ጠጠው ዘበልካ ዲኻ፣ ንሸኻ ኹና ብዙሕ ዕድል ከሎካ ብፍቓድኻ ንውድቀት ከም ውድቀት ናተይ ኢልካ ተቐቢልካ ኣብ ዘለኻዮ ብዘይ ለውጢ ደው ክትብል እዩ ምርጫኻ፡ መዓልታዊ ኣብ ናይ ምምራር ባህሪ ዶ ወይስ ናይ ምምስጋን ባህሪ፡ ኣብቲ ናይ መዓልታዊ ሓድሽ ናይ ምፍታን ናይ ምፍጣርን ሃዋህው ዶ ወይስ ኣብ ሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ትፍትን ኣብዘ ካልኢት ካብዩኖት ኣለኻ? ጌጋ መናብርቲ ደቂ ሰብ እዩ፡፡

መን እሞ'ዩ ጌጋ ዘይፍጽም፡ እቲ ዝዓበየ ጌጋ ግን ሓንቲ ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ ግዜ ኣብ ጉዙእ ኑብሰኻ ዝበርካ እምንት ምስ ተጥፍእ'ዩ፡፡ ኣብ ክንድኡስ ኑቲ ጌጋ ስለምንታይን ብኸመይን ከም ዝፈጸምካዮ ምምርማር እቲ ዝበለጸ'ዩ፡፡ ካብቲ ጌጋ ክትምሃሮ ዝኾንበኣካ ምስ ተመሃርካ ንዕኡ ንድሕሪት ብምግዳፍ ንቕድሚት ሰጉም ኣብ ዝቐጽል ዝበለጸ ክትሰርሕ ድማ፡ ሕሰብ፡፡ ደቂ ሰብ ሓደ ካብቲ ጸቡቕ ባህሪና ንሕሉፍና ብምግምጋም ንቕድሚት ክንጥምት ንኽእል ብምዃንና እዩ፡፡ እዚ ንኹሉ ዝሓለፍናዮ ምዕባለታት ህይወት ብደቂቕ ብምትንታን ዝበረና ሕሶቕ ኺ ብኸመይ ከም እንኣልዮን ወይ ካብኡ እንናገፉን ኑቲ ሓያል ጎድንና ድማ ብኸመይ ከም እንድርዖን ዝዋፃምም መሰረታዊ መሰርሕ ህይወት እዩ፡፡ ክንደይ ካብና ኢና ዓመታዊ ገምጋም ኑብስና ንገብር? ዓሚ ዝበረና ርድኢትን ኣተሓሳስባን ካብ ናይ ሎሚ



ከም ዝጹብብ ወይ እውን ከም ዝሰፍሕ ብኸመይ ነረጋግጽ? ናይ ሎሚ ዓመት ክእለትናን ኣሰራርሓናን ኣተሓሳስባናን ካብ ናይ ዓሚ ስድሪ እንተ ዘይወሲኹ ኣይግድን ደሰኪልና ኣለና ማለት እዩ፡፡

ኣብ ዓለም ብድሌትን ዕላማን ዝተበገሰ ኩሉ መኣስ ብዘየገድስ ኣብ ዕላማኡ ክበጽሕ ናይ ግድን እዩ፡፡ ንጹር ራእይ ምስ ዝህልወና ንገዓዞ መገዲ - ምንባር ብዙሱ ስለ እንንገዓዞን ናብኡ ንኽንበጽሕ ስለንጽዕርን መጸኢና ውሑስ ይኸውን፡፡ ራእይ ዘይብሉ ኣብይ እዩ ክበጽሕ ዝደሊ ስለ ዘይፈልጥ፡ ዘይድልዱል መትከል ህይወት ይውንን፡፡ ራእይ ዘይብሉ ሰብ ባህጊ ክሾኖ ዘለዎ ስለ ዘይፈልጥ ድማ ቅህም ሓይሊ ምንባር ይህልዎን መጻኢኡ ይጽልምትን፡፡ ብዘይ ሓያል ክእለት ወይ ተውህቦን ሓያል ናይ ምዃን ድሌትን ኑቲ ኣድካምን ዓበን ራእይና ክንጭብጦ ከቢድ እዩ፡፡

## ትኑብሮ ካብ ሃልኻ

ከምቲ “ካብ ሳዕሳዕካ ተቖጻጸ”፡ ዝበሃል፡፡ “ምንባርካ ዘይተርፍ፡ ንዓለም ብዙሮኦ ንብራ” እትብል ሓረግ፡ ኣብ ዓለም ብዝበለጸ ክንነብር ከም እንኽእል እያ እተዘኻኽረና፡፡ ንፍሰ ወከፍና ዘለና ዕድል ክንጥቀመሉ፡ ንህይወትና ትርጉም ዘለዋ ክንነብራ፡ ጸቡቕ ጽልዋ ክንፈጥርን እትዕድም ሓረግ እያ፡፡ ብዋበእ ምንባር፡ ክበሃል እኽሎ ብፍቕሪ፡ ብሕያውነት፡ ብምክብባርን ንዓለም እወታዊ ኣበርክቶ ብምግባርን እዩ ዝግለጽ፡፡ እዚ ሓሳብ እዚ፡ ኣብዘ ምድሪ ምንባርና ዋጋ ከም ዘለዎ ይገልጽ፡፡ ኣብዘ ዓለም ካብ እንፍጠር ጀሚርና፡ ክሳብ ንሰናበት ንፍሲ ወከፍና ኣፍትና ዕማም ኣለና፡፡ እቲ ንዓ ስራሕ ድማ፡ ንህይወትና ትርጉም ዘለዋ ምግባርን ንኻልኦት እውን ዝጠቅም ነገር ምፍጣርን እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ እቲ ንሕና እንነብሮ ኹሉ ነገር፡ ንባዕልናን ኑዩም ኣብ ከባቢና ዘለዉን ንዓለምን ብጹቡቕ ወይ ብሕማቕ ክጸሉ ይኽእል እዩ፡፡ ብሕጽር ዝበለ ኣብ ህይወት ሓላፍነት ምሽካም እዩ፡፡ ንጉዙእ ርእስና ዘይኮነ እንተላይ ኑቲ እንነብረሉ ሕብረተሰብ ካብኡ ሓሊፉ ብደረጃ ዓለምን'ውን የጠቓልል፡፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ዝተፈላለየ፡ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ፡፡ ሓላፍነት ምውሳድ፡ ኑቲ ዝወሰዶ ሓላፍነት ብዙሮኡ ምፍጻም፡ ንቓልካ ምሕላው፡ ንስሕተትካ ምእማን፡ ንኻልኦት ምሕጋዝን ምኽብርን ዘጠቓልል እዩ፡፡

**ንዓለም ብዙሮኡ ንኽትንብራ፡-**

- ብዕላማን ራእይን ምንባር፡- ነፍሰ ወከፍ ሰብ ናይ ባዕሉ ዕላማን ራእይን ክህልዎ ኣለዎ፡፡ እዚ ዕላማ እዚ'ዩ ድማ፡ ንህይወት ትርጉም ዝህባ፡ ንዓለም ብዙሮኡ ንኽትነብር ከኣ፡ ዝኢ ዕላማ እዚ ንምውቃዕ ብትግሃት ምዕያይ የድሊ፡፡

- ክብረታት ምሕላው፡- ክብረታት ምስ ዝሕለው፡ ንህይወት ምሉእነት'የም ዝህብዋ፡፡

- ምሕጋዝ፡- ንኻልኦት ንምሕጋዝ ሓንኳፊይ ኢልካ ምቕባል፡ ኑቲ ዘለካ ሓድሕዳዊ ፍልጠት ምዕባይ፡ ሓብርካ ምስራሕን ገለ ካብቲ ንዓለም ብዙሮኡ ንኽትኑብራ ዘድርኽ እዩ፡፡ እዚ ምስ ዝህሉ ኩኡ እትኑብሮ ሕብረተሰብ ዝያዳ ሓያልን ዝተወሃሃደን'ዩ ዝኸውን፡፡

- ምስትምቓርን ምምሃርን፡- ኣብ ህይወት መዓልታዊ ሓድሽ ትምህርቲ ኣሎ፡፡ ካብ ጌጋታትናን ካብ ተመኩሮናን ክንምሃር ኣለና፡፡ ኑቲ ዘለና ተፈጥሮኣዊ ዕድላት ብምጥቃምን ርእስና ብምምዕባልን ንዓለም ብዙሮኡ ንምንባር የኽእል፡፡ እምበኣር፡ በዚ ሞራላዊ ትምህርቲ እዚ ተበራቢርና፡ ህይወትና ብዘደንቕን ባህ ብዘብል መገድን ክንኑብራ ንኽእል ኢና፡፡



## ዳእላታት

- ሓደ መንእሰይ፡ ንሓሞኑ ዓውዲ ከውድቐላን ክሕግዞን ናብ ዓዲ እንዳ ሕሙኡ ኸደ፡፡ ጽዕጹዕ ስራሕ ቀወዲ ምስ ተሳህሉ፡ ወያ ሓሞኑ ምሳሕ ፈለቕለቕ ሽሮ፡ ድራር ከኣ ከምኡ ቀረበትሉ፡፡ ካልኣይ መዓልቲ እናተማሰሐ ከሎ ሓደ ዓንዳፍ ደርሆ ብቕድሚኡ ሓለፈ፡፡ “ክት ኩቱ ክት ኩቱ” በሎ፡፡ ወያ ሓሞኑ “ ንዓንዳፍስ፡ ኩቱ ትብሎ” በለቶ፡፡ ወደያት ትቕብል ኣቢሉ “ዘይሕረድ ዓንዳፍ ኣብ ዓድና ኩቱ ኢና ንብሎ” በሎ፡፡

- ከባቢ ሮራ መንሳዕ ኣዝዩ ቁራሪ ቦታ እዩ፡፡ ናብቲ ቦታ ንዘተመደቡ ተጋደልቲ፡ ፈውሲ ቁሪ ከቦርታ ተዓደሉ፡፡ እቲ ቁሪ ግን ዝኸኣል ኣይነበረን፡፡ ሓደ ብጻይ ሃለዋት ብጾት ከጣይቕ ናብቲ ቦታ ደበኽ በለ፡፡ ንሓደ ኣብል ከምዚ ክብል ሓተቶ፣ “ብጻይ ማማቐካ'ዶ ሓዲርካ?“ “እንታይ ኢኻ ትብል?” “እዚ ከቦርታ ጠቒሙካ'ዶ ማለተይ እየ”፣ “ እዚ ደኣ መዓስ ከቦርታ ኮይኑ፡” “እንታይ ደኣ?” “ናሙሲያ” በሎ፣ ይበሃል፡፡

- ብጻይ ኣዴንን በይኑ ደብልዕ ነበረ፡፡ ሚከኤል ኤልያስ (ወዲ ሰብዓ) ከኣ፡ ”ኣንታ ኣዴንን ንምንታይ በይንኻ ትብልዕ ንቕደም በሉ እዩ ዝበሃል ኣብ ሕብረተሰብና፡ ‘በይኑ ዝበልዕ በይኑ እዩ ዝመውት እዩ’ ዝበሃል በሎ፡፡ ስለዚ፡ በይንኻ ከይትመውት” ምስ በሎ፡ “ወደለይ ወዲ ሰብዓ በይነይ ይመውት እምበር ምሉእ ህዝቢ ዶ ደኣ ክመውት ኰይኑ፡ እዚ ኣበሃህላ ክእረም ኣለዎ” በሎ፡፡ ወዲ 70 መልሱ ኣሰደሚምዎ ብውሽጡ እናሰሓቐ ከደ፡፡

- ክፍለ ሰራዊት 96 ካብ እግሪ እናተጻወቱ እንክለዉ፡ ሓላዊ ልዳት ረዘነ በርህ (ብሌቓት) ምሉእ ኑብሱ ንኣጥቃዓይ ኣለም ግደ ምስ ኣተዎ፡ ክልቲኡ ኣዕጽምቱ ትሕቲ ብርኪ ተሰበረ፡፡ ናብ ሕክምና ምስ ከደ፡ ሓኪም ብሽንባደ “መን ደኣሉ ከምዚ ጌይሩ ሃሪሙካ (ሰይሩካ)” ምስ በሎ፡ ዶሽካ ከምገን ሓደ ዓጽሚ ይገድፈልካ፡፡ ብዓል ረዘነ ብሌቓት ግን ልዕሊ ዶሽካ ዝኾነ ኣካሉዩም ክልተ ኣዕጽምተይ እንህልካ ሰይሩኒ (ዓዲ ኣውዓሉኒ) ምስ በሎ፡ ሓኪም ብመልሲ ኣለም ግደ ተደኒቑ እናሰሓቐ ከደ፡፡

- ኣብ ሕክምና ዓላ እዩ፡፡ 54 ዝዕድመኣ ሰበይቲ ሓሚማ ናብ ክፍሊ መርኣዩ ሕሙማት ከደት፡፡ እታ ትምዝግብ ዝበረት ብጹይቲ ነርስ ቅርብ ኢላ፡ “ክንደይ እዩ ዕድመኽን” ክትብል ሓተተታ፡፡ ወያ ኣደ 25 ዓመት ይኸውን” መለሰትላ፡፡ ወያ ነርስ ኣተኩራ ድሕሪ ምጥማት፡ “ሓቁ ደኣ፡ ንሸኽሽ 25 ጥራይ” ሓተተታ፡፡ “ኣንቲ ዶቶረ ናይ ረሰኒ እዩ ዝኸውን” መለሰትላ፡፡

**ምንጪ፦ መጽሓፍ ዳእላታት ገድሊ፡ ብኢያሱ ኣሰፋው (ወድ መንበሮ)**

## ጥቕስታት ሓጉስ

- “ሕያወይቲ ልቢ፡ መፈልፈሊ ሓጎስ እያ፡፡ ኣብ ከባቢኣ ንዘሎ ኩሉ ብፍሽኽታ ከም ዝሕደስ ትገብሮ፡፡” - ዋሽንግተን ኢርቪንግ
- “ብምፍቃር ኣብልካ ኣብ ህይወት ዝበለጸ ሓጎስ ክርከብ ይከኣል፡፡” **- ጆርጅ ሳንድ**
- “ኩሉ ሓጎስ ኣብ ትብዓትን ስራሕን እዩ ዝምርከስ፡፡” **- ክብሪ ደ ባልዛክ**
- “ሓጎስ ማለት እቲ እትሓስቦን እትዛረቦን እትገብሮን ምስ ዝሰማማዕ እዩ፡፡” **- ማህተማ ጋንዲ**
- “ሓጎስ ዕላማ ኣይኮነን እንታይ ደኣ፡ ኣብ ህይወት ጸቡቕ ብምንባር ዝርከብ ፍረ እዩ፡፡” **- ኢሌኖር ሩዝቬልት፡፡**
- “ብዋጋ ካልኦት ሰባት ዝርከብ ሓጎስ የለን፡፡” **- ኣንዋር ሳዳት፡፡**
- “እቲ ዝዓበየ ሓጎስ ምንጪ ዘይምሕጓስካ ምፍላጥ እዩ፡፡” **- ፍዮዶር ዶስቶየቭስኪ**
- “ዕላማ ህይወትና ሕጉሳት ንምዃን እዩ፡፡” **- ዳላይ ላማ**
- “ሓጎስ ኣብ ጉዙእ ርእስና እዩ ዝምርከስ፡፡” **- ኣሪስቶትል**
- “ኣዚኻ ሓያል ሰብ ኩን፡ ንዘሻሩኻ ሰብ ብዝህባ ሓጎስ፡ ጥዑናን ብልጽግናን ተዛረቦ፡ ኣብ ውሽጡ ሓደ ሓያል ነገር ከም ዘሎ ንኽፈልጥ ሓግዞ፡፡” - ዘይተፈልጠ
- “ሓጎስካ ኣብ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ነገር ክምርኮስ ኣይተፍቅደሉ፡፡” **- ሲ.ኤስ.ሉዊስ**

# ካብ ገጻት ማሕበራዊ ሚድያ

## ብምንታይ ኢኻ ትርኢ፧

ነፍስሄር ደራሲ በየነ ሃይለ



ብምንታይ ክትርኢ ትምነ እንተ ዝብሃል ጸቡቕ ነይሩ። ንምምናይ ፍቓድ ዘድሊ ኣይመስለንን። ሓቂ ንምርኣይ ምእንቲ ክኽእል ቋንቋ ባሕሪ ኤርትራ ኣዳሚጹ ትርጉም ምስጢሩ ዝገልጸለይ እኳ ምደለኹ። እቲ ብቐይሒ ዝፍለጥ ባሕሪ ኣብቲ ውሽጢ ውሻጠኡ ምስ ዘርከቦ ኣባላት ከዋግዕን ሕሽኽሽኽ ክብልን እንከሎ ሰሚዐ ንጹር ደወል ብዘሾነ ቋንቋ ንህዝቢ እንተ ዘበስር ምተሓጒሰኩ። ኀቦታት ኤርትራ ምስ ንፋስ ደቂ ምስ ከዋኽብቲ ወይ ምስ ከርሲ ምድሪ ይኹን ምስ ሜዳታት ከዋግዑ እንከለዉ እዚኦይ ጸልየ ንኽርዳእ ዘኽእል ጥቡብ ምለመንኩ። ትርግታ ልቢ መንእሰያት፣ ትጽቢት ፍቑራት፣ ጸሎት ወለዲ፣ ግድል ሕልምታት፣ ደረት ባህግታት ኣኻኽበ ናይ ተስፋ ድልድል ክሃንጽ'ሞ ኩሉ ብዘይ ስክፍታ ናብ ዓዲ ባህታን ቅሳነትን እናሰሓቐ ንኽመላለስ ዓይኒ ዘብርህ ፍልጠት ከስንቕ ምደለኹ።

ከም ዝመስለኒ ብፍቕሪ እየ ክርኢ ዝደሊ። ፍቕሪ ዘይብሉ ዓይንስ ይትረፈኒ እውን ምበልኩ። ብሓይሊ ባህጊ፣ ብድፍኢት ሓልዮት፣ ብጥቡቦዊ ማህዚ ክርኢ እንተ ዝኽእል ፍስሕ ምበልኩ። ልዕሊ ኹሉ ግን ብፍጹምነት ስነ ጥቡብ እንተ ዝርኢ ምተሓጒሰኩ። ቃላትን ሕብርታትን ዝሓስቦን ዝሰምዓንን ኣለልዮም እንተ ዝግዝኡኒ መን ከህበኒ! ንመንፈሰይ ዘዕግብ ስነ ጽሑፋትን ቅብኣታትን ካብ ካልእ ከይቀዳሕኩ፣ ካልእ ክመስል ከይጸዓርኩ፣ ሓቀኛ መንነተይ ከይረሳዕኩ፣ ደረጃ ብቕዓት ስነ ጥቡብ ብምሉእ ምልኣት ሓልየ፣ ንህዝቢ ሃገረይ ብርሃን ሓጒስ ክሰብ ዘጕስዕ ብስነ ጥቡባዊ ጽባቐን ሓቅን ከዕግብ እንተ ዝኽእል ካልእ ኣይምለመንኩን። ንሱም ብስነ ጥቡብ መንፈስ ደቂ ዓዶምን ህዝቢ ዓለምን ከህብትሙሉሕ ዝብሉ ድማ ጽባቐ ብዘይ ሓቂ ከም ዘይመልእ ንኽሉብሞም ዝሕግዞ ሜላ እንተ ዝረኽብ መመስገንኩ። ምልኣትን ስነጥቡባዊ ብቕዓትን ብፍጹምነት ዘዋግልእ ተዋስኦ ይኹን ፊልም ወይ ፈጠራዊ ዛንታ ወይ ቅብኣ ወይ ካልእ ስነ ጥቡባዊ ውጽኢት ናብ ህዝቢ ምእንቲ ክይቀርብ ዓይኒ ስነ ጥበባውያን ዘሰፍሕ መድሓኒት ምመሃዘኩ።

እዚ ኩሉ ምእንቲ ክምስለለይ ጋሪድቲ ራእይ ንምእላይ ዘድሊ ብልሓት ክመሃር ምደለኹ። እቶም ኀቦታት ሓቂ ዘይሓኸሩ፣ እቶም ውሻጠ ምስጢር ህይወት ኣብ ባሕሪ ዘይእልሹ፣ እቶም ኣብ ዝባንን ከርስን መሬት ፍቕሪ ዘዋንብሩ፣ እቶም ኣረጊት ሓሳቦም ኣብ ጉዕዞ ግዚያዊ ዕስለ ኣንቢጦ፣ ጸሓይ ዓለም መንእሰያት ከየጸልምቱ ንኣረኣእያኦም ክቕይር ምደለኹ። ሓጺር ዝበረ ኣረኣእያ ንውሕ ኩብለሎም፣ ውሱን ዓይኒ ገዲፎም ብሃብታም መኣዝናት ራእይ ክጥምቱ፣ ካብ ህርፋን ልግሲ ከዕዝዙ፣ ካብ ጸልማት ብርሃን ኩሓርዩ፣ ካብ ድንቁርና ጥቡብ ክመርጹ፣ ካብ ናይ እንዳማተዮም ናታተዮም ባህላዊ ህልውና ከሰልጥኑ ንዘኽእሉ ዘለዉ ኩሉ ኣይምበቐቕኩሎምን። እምበኣር ኣነስ ዓቕሚ ደኣ ከየግድዓኒ እምበር ብሓደ መንገዲ ጥራሕ ክርኢ ኣይምደለኹን። ብሾኩሉ እየ ክርኢ ዝጽዕር። ብዓይኒ ኹሉ ህዝቢ'ውን ክርኢ ምደለኹ። ሓይሊ ምህዞ ተጠቒመ ብእዝኑይ፣ ብትምኒተይን ብባህገይን እየ ኽርኢ ዝፍትን።

ER MEDIA

## ጽምዶ ሓድሽ ኣይኮነን

ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ምድጋፍን ምስ ውድባቱ ዝምድናታት ምምስራትን ምምዕባልን ሎሚ ዝመጸ ሓድሽ ኣረኣእያ ኣይኮነን። ስልታዊ ረብሓታት ዝድርኾ ንግዚያዊ መዋጽኦታት ሃሰስ ዝብሃል'ውን ኣይነበረን። ሕጂ'ውን ኣይኮነን። እስከ ምልስ ኢልና ትማሊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. እንታይ ይብል ነይሩ ንርኣየ።

"ፍሉይ መንነት ኤርትራን መሰል ናጽነት ህዝባ ዘይቅበል መንግስቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክሳብ ዘሎ፣ ሰውራ ኤርትራ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዓውደ ኲናት ምስ ኣሰነፎ'ውን . . . ሓይሉ ዳግም እናኣደልደለ ናይ ወራር ኲናት ብምቕጻል፣ ህዝቢ ኤርትራ ሃገሩ ኣብ ምህናጽ ንኸይዋፈር ቅሳነትን ጸጥታን ክኸልኦ'ዩ። ስለ'ዚ ነባሪ ፍታሕ ጉዳይ ኤርትራን ሰላምን ጸቡቕ ጉርብትና ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ከረጋግጽ፣ መስፋሕፍሕን ኀባጥን ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ወዲቑ ብህዝባውን ዲሞክራሲያዊን መንግስቲ ክትካእ የድሊ." (ህ.ግ.ሓ.ኤ 15/02/1985)

እዚ ኣጠማምታ'ዚ እምነ-ኩርናዕ ናይ'ቲ ቅድም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ድሒሩ ህ.ግ.ደ.ፍ/ መንግስቲ ኤርትራ ዝተኸተልዎን ዝኽተልዎ ዘለዉን ጽምዶ ንምህናጽ ስትራተጂያዊ ዝምድና፣ ምስ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያን ውድባቱን'ዩ። ትማሊ ዝተቓለሰናሉ ሎሚ'ውን ንቃለሰሉ ዘሎና ዘይቅየር እምነት'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝትከል ስርዓት ካብ መስፋሕፍሒ ሕልምታት ናጻ ኣብ ምኽባር ሓድሕድ ዝተመስረተ ክልተኣዊ ዝምድና ዝቕበልን ዝኣምንን ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ፣ ሰላምን ጸጥታን ኤርትራ ይኹን መላእ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘረጋግጽ። ስለ'ዚ ካብ ሃገራዊ ረብሓና ነቒልና ዓቲብና ክንዋሳኣሉ፣ ክንጥፈሉን ከም ህዝብን መንግስትን ግዱዳት ኢና። ሕርያ ከኣ ኣይኮነን። ተመክሮ ድሕረ-ናጽነት ሽሕ እኳ እቲ ዝምድናታት መኻልፍ እንተገጠሞ፣ ዕንቅፋታት እንተበዝሕዎ ኑቲ ኣርሒቑ ዝጥምት ናይ እዋን ሰውራ መትከልና ግን ብግብሪ ቅኑዕነቱ ኣረጋጊጽዎ'ዩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ'ቲ ቅድሚ 40 ዓመታት ዝዘርገሖ ሰነድ፣ ብፍላይ ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ሕጡብ-ጽሑፍ ብኸም'ዚ ይድምድም. . ..

"ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ መሰረታዊ ሕቶታትን ዕማማትን ሰውራ ኢትዮጵያ ርእይቶኡ ኣንጊሁ ዝገልጽ ዘሎ፣ ዕድል ህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ኢትዮጵያን ብቐረባ ዝተጠምረ ምዃኑ ስለ ዝግንዘብ እዩ። ኣብ ምዕባለ ሰውራ ኤርትራ፣ ድሕሪ ውሽጣዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ፣ ምድግጋፍ ምስ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብቐጥታ ከም ዝሰርሖ ንሰውራ ኢትዮጵያ ከኣ እቲ ቀዳማይ ጸላዊ ረቛሒ፣ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ህ.ግ ይኣምን። ዝምድናታቱ ምስ ውድባት ኢትዮጵያን ገድላዊ ምሕዝኦት ክልቲኡ ህዝብታትን ከስፍሕን ከዕምቑን ብጥንቃቐን ዓቕልን ዕቱብነትን ይሰርሕ። ንመትከል ድልዱል ኪዳን ኣብ መንነ ክልቲኡ ሰውራታት ቅድምን ልዕልን ኩሉ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ይሰርዕ። ካብ ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያ ድማ ተመሳሳሊ መርገጽን ናይ ሓላፍነት መንፈስን ይጽበ።" (ህ.ግ.ሓ.ኤ 15/02/1985)

እዚ ትንቢታዊ ዝመስል ኣረኣእያ ህ.ግ.ሓ.ኤ፣ ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነት ምስ ውድባት ኢትዮጵያ ዝገበሮ ምድግጋፍ፣ ዝተኸተሎ ዓቃልን ጥንቁቕን መንገዲ፣ ክልቲኡ ሰውራታት ንኽዕወት ዘኽኣለ ቅኑዕ መትከል ምንባሩ ፈታውን ጸላእን ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ሕጂ መንግስቲ ኤርትራ ዘለዎ እምነትን ተግባርን'ውን ካብ'ቲ ትማሊ ዝገበሮ መትከል ዝተቐየረ ኣይንረኽበሉን ኢና። ዝተባህለ እንተተባህለ ጽምዶ ንሻዕብያ ሓድሽ ኣይኮነን።

ER MEDIA

## መዘና ኣልቦ ኢኹም!

እዞም ንርእዮም ዘለና ጀጋኑ፣ ናይ ፈስ በክ ኣካውንት ዝበርዎ ኣይኮኑን። ላይክን ሼርን ዝጉብኦ ኣይነበሩን፤ ኣብ ላይቭ ቪድዮ ወጺኦም ዝግዕሩ እውን ኣይነበሩን። መጋየ ኣይነበሮምን። ወህለል ገንዘብ ኣብ ባንክ ኣይነበሮምን። ብጥሙይ ከብዶም፣ ብዕሩቕ ዝባኖም፣ መደቀሲኦም እምንን ሑጻን ገይሮም፣ ምስ ሽሖ በሳዕተኛ ቁማል፣ ኣብ'ቲ ኣንገዕካ ዘምኽኽ ሃሩር፣ ንስለ ህዝብን ሃገርን ግንባሮም ንዓረር ዝሃቡ፣ ሱብ ድርብ ሓሞት፣ ኤርትራውያን ጀጋኑ እዮም።



እዞም ጀጋኑ፣ ዓዶምን ዓውዶምን ዝተሓታተቱ ኣይነበሩን። ገሊኦም ዕባይ ከተማ፣ ገሊኦም ዕባይ ገጠር ሓረስቶት፣ ገሊኦም ኣስላም፣ ገሊኦቶም ክርስትያን፣ ገሊኦም ምሁራት፣ ገሊኦቶም ዘይተማህሩ፣ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ኤርትራ ዝተኣኻኸቡን ኮይኖም ሕልሞም ናጻ ኤርትራ ምርኣይ እዩ ነይሩ።

እናሻዕ ስእሎም እንክርኢ፣ እሞ ድማ ኣብ'ዛ ዝሰብረላ ዘለኹ ብልጭልጭ ዝበዝሓ ዓለም፣ ገንዘብ ንምውህላል፣ ገዛን ማኪናን ንምጥዛእ ጸደፍደፍ ክብል ከለኹ፣ ንኣታቶም እናዘከርኩ ንብሰይ ይናቐፋ። ብርግጽ ድማ ጀጋኑ ተጋደልትና ምእንቲ ካልኦት ምንባርን ምማትን ዝብል ዝለዓለ መንፈሳዊ በረኸት ተቐቢሎም እዮም። ገሊኦቶም ብንኣሽቱኦም ተሰሊፎም ብኡ ንብኡ ዝተሰውኡን መቓብርቲ ዓለም ከይፈለጡ ብድንግልናኦም ዝሓለፉን ንጹሃን እዮም። እንትርፎ ንሕና፣ ኣነ ዘይፈልጦ፣ ኣነ ኩሓልፎ፣ ንሽኻ ትረፍ ዝብሉ ሰማእታት እዮም። ውሑዳት ከሎም ክንዲ ሽሕ ዝገጠሙ፣ ማህጸን ኤርትራዊት ኣደ ዘፍረዮም መዘና ኣልቦ ምዑታት ሓርበኛታትና እዮም።

Nakfa Press

## ብልጽግና - ትጥሕል ዘላ መርከብ

ኢትዮጵያ ከም ካብ ወደብ ኣዚያ ርሒቓ ዘላ መኣዝና ዘጥፈኣት መርከብ ማሲላ ኣቓልቦ ከብቢና (ብኻቕሎት) ስሒባ ትርከብ። ብልጽግና ንህዝባዊ በዓላት ከም መኻኣሲ ደገፍ፣ ንመመረቕታ ሓጺቢ ከም መዛሓል ውሽጣዊ ተቓውሞ ክጥቀመሉ ጸደፍደፍ ስለዝበለ፣ መንኩብ ጀነራላቱ ጽሩራታት እንተወሰኸሉ፣ ብወተሃደራት ኣልጥጥ ኣሎና ድምጻት እንተጸዓቑ፣ ብፕሮፓጋንዳ ኣንጻር ኤርትራ መዓልታዊ እኳ ሰብ እንተኣደንቀረ፣ ተርባጽ ስርዓቱን ሻቕሎት ከብቢናን ክሓብስ ኣይክእልን'ዩ። ሓያል ክመስል ዑብ ዝብሎ፣ በቲ "ኣቦና ተማሪኹ ንሕና ተደገምና" ዝብል ድምጺ ኣማኢት ምሩኻት ወተሃደራቱ ተቓሊዑ፣ ጃህራኡ ኣምሲሑ ዘድርር ኮይኑዎ ተሰናቢዱ ኣሎ። ኣብ እትጥሕል መርከብ ኮይኑ ክሳብ መወዳእታ ክጸንሕ ዝደሊ ሰብ ከም ዘሎ፣ ብልጽግና ነዛ ዘናውጻ ዘላ መርከብ ኣድሒኑ ኣብ ማርሳ ሰላም ከእትዋ'ዩ ዝብል ተስፋ ዘለዎ ኢትዮጵያዊ ዳርጋ የለን። ስለዝኾነ ንመሳሉን ንድሕነት ሃገሩን ቃልሱ የሐይል ኣሎ።

ስርዓት ብልጽግና'ሞ ከም ሕማቕ ተመሃራይ ጌጋታቱ ክደጋግም፣ መዓልቲ ዕርበቱ ከቀላጥፍ እንተዘይኮይኑ ካልእ ቁምነገር ክዝብር ኣይክእልን'ዩ። እቲ ስርዓት ነቲ ዝቐሐ ወይ ዝተበራበረ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሙብጽዓን ሓሶትን ኣደንዚዙ ኩታኽሶ ወይ ከደቅሶ ክፍትን'ዩ። ተቓወምቲ ሓይልታት ግን ነቲ ስርዓት ኣጥሒሎም ነታ ከይትጥሕል ተሰሪኢ ዘላ ሃገሮም ከድሕኑ ይጽዕሩ ኣለዉ። ኢትዮጵያውያን ኣብ ንሓድሕዶምን ምስ ጎረባብቶምን ሰላምን ዕርቅን ምንባር፣ ኣብ ምዕዋት ቃልሶምን ምሕዳር ዕምሪ እቲ ስርዓትን ወሳኒ ምዃኑ ተገንዚቦም መርገጺታቶም ብቓልዕ የስምዑ ኣለዉ።

መርገጺ ኤርትራ ሕጂ'ውን ንድሕነት እዛ ትናወጽ ዘላ መርከብ ምስ ዝቃለሱ ኢትዮጵያውያን ብእወታ ምጽማድ'ዩ። ኤርትራ ሰምርትን ምስ ጎረባብታን ምስ ኑቡሳን ተሳንያ እትነብርን ኢትዮጵያ ክትውለድ እትፈርሕ ሃገር ኣይኮነትን። ኣብ ናይ ትማልን ቅድሚ ትማልን መርገጺኣን ደገፉን ዝተመስከረ ህያው ተመክሮ'ዩ። እዚ ካብ ወተሃደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ብልጽግና ብተደጋጋሚ ዝሰምዕ "ኤርትራ ኤርትራ" ዝብል ህዳ ግን ከም ፍርቕርቕ ናይ ዝጥሕል ዘሎ ሰብ ገይርና ንወስዶ።

ER MEDIA

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

### በሪኽ ብኹሉ ዓይነት ስፖርት ጉብለል ኮይና። ኣኽርያ ብኲዕሶ እግሪ ዘዋሪት ዋንጫ ተሸሊማ




16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ዝተሳተፉሉ ክረምታዊ ስፖርታዊ ውድድር ግራስ ሩት፡ ቀዳም 18 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት ምምሕዳራት ኣርባዕተ ኣስመራን ቲራቮሎን ናይ ዋንጫ ጸወታ ኣካይደን። ኣብ ምድብ 90 ደቒቕ 0ብ0 ብምውድኦን ከኣ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ኣርባዕተ ኣስመራ ድማ 4ብ3 ተዓዊታ ቀዳማይ ወጺኣ። ቲራቮሎን ኣኽርያን ተሸሊሞም ብሩርን ነሓስን መዳልያ ኮይነን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣቐዲሞም ካብ ዝተዛዘሙ ውድድራት፡ ኣብ'ቲ ዕለት ሽልማት ወሲዶም። በዚ መሰረት፡ ኣብ ዕድመ 16-17 ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣኽርያ፡ ንሰምበልን በሪኽን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ወጺኣ።

ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ገጀረት፡ ኣኽርያን ጸጸራትን፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ጸጸራት፡ ፓራዲዞን ገዛ ጣንዳን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን።

ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ጎዳይፍ፡ ጸጸራትን ኣርባዕተ ኣስመራን፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣኽርያ፡ ኣቦሻውልን ጎዳይፍን ተዓዊተን።

ብሓፈሻ ብኩዕሶ እግሪ ድማ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፡ ንመጀመርያ ግዜ ጉብለል ብምዃን ዘዋሪት ዋንጫ ተሸሊሙ።

ኣብ ቅድድም ብሽክሊታ፡ ብደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ዕድመ ትሕቲ 13 ዓመት፡ ትሕቲ 15 ዓመት፡ ትሕቲ 17 ዓመት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጹ ተቐዳደምቲ መዳልያን መተባብዒን ገንዘብ ተሸሊሞም።

ብደረጃ ጋንታ ከኣ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ ትሕቲ 13 ዓመት ማእከል ከተማ፡ ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት ገጀረት፡ ኣብ ትሕቲ 17 ዓመት ድማ ሰምበል ቀዳመይቲ ብምውጻእ ተሸሊመን።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ በሪኽ ኣብ ሰለስተ ክሊ ዕድመ ጸብለል ብምባል፡ ናይቲ ዓውዲ ጉብለል ኮይና።

ኣብ ጉያ፡ ናይ ዕድመ 12ን 13ን ኣብ 50፡ 100፡ 200ን 400ን ሜትሮ ዝተዓወቱ ናይ ክልተኡ ጾታ ኣትለታት ተሸሊሞም። ብጋንታ ድማ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ በሪኽ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ጋሻ ኣፍሓ ጉብለል ብምዃን ዓባይ ዋንጫ ተሸሊመን።

ኣብ ዕድመ 14ን 15ን ኣብ 100ን 1000ን ሜትሮ ብተመሳሳሊ ብኽልተኡ ጾታ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝኣተዉ ኣትለታት ተሸሊሞም። ብደረጃ ጋንታ ከኣ ኣርባዕተ ኣስመራ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋሻ ኣፍሓ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጉብለል ኮይነን።

ናይ ዕድመ 16ን 17ን እውን ብተመሳሳሊ ናይ ክልተኡ ጾታ ኣብ 800ን 3000ን ሜትሮ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ተሸሊሞም። ንኡስ ዞባ በሪኽ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ንኡስ ዞባ ጋሻፍሓ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ ጉብለል ተባሂለን። ዕወታት፡ ካብ ኦሎምፒካውያን ኣትለታት ዘርእሰናይ ታደሰ፡ ተኽለማርያም መድሕንን ዶልሺ ተሰፉን ሽልማቶም ተቐቢሎም።

ብሓፈሻ ብሰለስቲኡ ዓይነት ስፖርት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ጉብለል ናይ 2025 ኮይና ዘዋሪት ዋንጫ ተሸሊማ።

ዕላማ ናይ'ዚ 676 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብዎም ብጠቕላላ 1926 ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ህጻናት ኣብ ናይ ክረምቲ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ኣብ ዘይተደልየ ቦታታት ከየጥፍእዎ፡ ብዓቢኡ ድማ ዝጠፍኡ ሃገርና ዝወከሉ ተካእቲ መንእሰያት ንምፍራይ ምዃኑ፡ ሓላፊ ምክትታል ፌደረሽናት ስፖርት ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ኣቶ ሰዓረ የውሃንስ ገሊጹ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ተሪፈን ዘለዋ ፌደረሽናት ክሳተፋ ምዃነን'ውን ሓቢሩ።

## ሞሮኮ፡ ዋንጫ ዓለም ዓቲራ

ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ሞሮኮ፡ ትማሊ ሰኑይ ወጋሕታ ንሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብምርታዕ ዋንጫ ዓለም 2025 ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ኣልዒላ።

ኣብ ኣውዳዒቓ ምሕላፍ ብዝኸኣለቶ ንደቡብ ኮርያ፡ ኣመሪካን ፈረንሳን ሰዒራ ናብ ፍጻመ ዝበጽሐት ሞሮኮ፡ ንኣርጀንቲና 2ብ0 እያ ሰዒራታ። ያሲን ዛበራ ቅድሚ ዕረፍቲ ንክልተኣን ሽቶታት ኣመዝጊቡወን።


በዚ ከኣ ሞሮኮ፡ ንፈለማ ግዜ ዋንጫ ዓለም ትሕቲ 20 ዓመት ኣልዒላ። ናይ ፈለማ ዓረባዊት ሃገር'ውን ኮይና። ብደረጃ ኣፍሪቃ ግና፡ ድሕሪ ጋና ኣብ 2009 ነዚ ዋንጫ ዘልዓለታ ካልኣይቲ ተሰሪዓ።




ብሓፈሻ፡ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ናይ መጀመርያ ጽዋእ ዓለም ዘሰተማቕረት ሞሮኮ፡ ንኣርጀንቲና ኣብ ፍጻመ ጸወታ ትሕቲ 20 ዓመት ዝረትዓታ ናይ ፈለማ ሃገር እያ - ድሕሪ 42 ዓመታት። ኣብ 1983፡ ብራዚል እያ፡ ነዛ ሽዱሽተ ግዜ ነዚ ውድድር ዝተዓወተትሉ ጓል ኣህጉራ ኣብ ፍጻመ ሰዒራታ ነይራ።

ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ሞሮኮ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ብምብጽሓ፡ 'ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኣብቲ ደረጃ ዝረገጸት' ተባሂላ ክብረ-ወሰን ምጽሓፋ ይዝከር። ኣብዚ እዋን በዞም ተካእቲ ተጻወትቲ ሻምፕዮን ዓለም ምዃና ከኣ፡ ህሉው ደረጃ ብቖዓታ ዓብዩ ምህላዉ ዘርኢ እዩ።

## ክሎፕ፡ ስለምንታይ ንሕቶ ማን ዩናይትድ ኣይተቐበሎን፧




ናይ ቀደም ዓላሚ ሊቨርፑል - የርገን ክሎፕ፡ ንመዝነት ምስልጣን ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ንምትካእ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ቀሪቡሉ ዝነበረ ሕቶ ስለምንታይ ከምዝነጸጎ ገሊጹ።

ማን ዩናይትድ፡ ብፈርጉሰን ኣብ ዝተዓለመትሉ ናይ 26 ዓመታት ጉዕዞ፡ እቲ ዝበለጸ ግዜኣ ምሕላፋ ይፍለጥ። እዛ ጋንታ፡ 13 ናይ ፕሪመር ሊግ ዋናጩ ብምዕዋት፡ ብድምር 20 ጽዋኣት ናይቲ ውድድር፡ መራሒት ነይራ። ብዘይካ'ዚ፡ ክልተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግን ሓሙሽተ ናብ ኤፍ.ኤ ካፕን ዋናጩ ዝርከቦም ብርክት ዝበሉ ዓወታት ኣስተማቒራ እያ።

ይኹን እምበር፡ ፈርጉሰን፡ ኣብ 2013 ካብ ምስልጣን ጥሮታ ድሕሪ ምውጻኡ፡ እዛ ጋንታ፡ ቅጽበት ቁመናኣ ክጉድልን ብዙሕ ክትገሳቐልን ተራእያ። ኣብዚ ዝሓለፉ 12 ዓመታት ከኣ፡ ብዘተፈላለዩ ዓለምቲ - ዳቪድ ሞየስ፡ ሉዊስ ቫን ጋል፡ ጆሰ ሞሪኖ፡ ኦለ ጉናር ሶልሻየር፡ ኤሪክ ተን ሃግን ናይዚ እዋን ኣሰልጣኒኣ ሩብን ኣሞሪምን ተመሪሓ። ናብቲ ናይ ቀደም ክብራ ዝመልሳ ግና፡ ዛጊት ኣይረኸበትን ወላ'ኳ ሓንሳብ ኤውሮጳ ሊግን ገለ እዋናት ኤፍ.ኤ ካፕን እንተተዓወተት።

ክሎፕ፡ ድሕሪ ዕወታት ትሽዓተ ዓመታት፡ ኣብ ክረምቲ 2024 ካብ ሊቨርፑል ከምዝተፈላለየ ይዝከር። እዚ ጀርመናዊ፡ ቅድሚ ናብ ሊቨርፑል ምምጽኡ፡ ኣብ 2013 ንቦሩሲያ ዶርትሞንድ እናዓለመ እንከሎ፡ ማን ዩናይትድ ሕቶ ኣቕሪባትሉ ምንባሩ፡ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መሕትት ተዛሪቡ።

ክሎፕ፡ ዩናይትድ ዝቐረበትሉ ሕቶ ዘይግዖ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "እወ፡ ኣብ ዝነበርናዮ ዝርርብ ኣነ ዘይፈትዎ ነገራት ተዛሪብና። ሓሳባቶም ዓቢ ነይሩ 'ዝድለዩና ተጻወትቲ ከምጽኡ ኢና' ጥራይ እዮም ዝብሉ ነይሮም። ኮፍ ኢለ እንከለኹ፡ እዚ ፕሮጀክትዩ ኣይኮነን ኢለ ሓሲበ፡ ቅኑዕ ግዜ ኣይነበረን፡ ምስ ዶርትሞንድ ውዑል ነይሩኒ።" ኢሉ።

ዩናይትድ፡ ድሕሪ ምውጻእ ፈርጉሰን፡ ሰሙያት ተጻወትቲ ከም ኣንገል ዲ ማሪያ፡ ሮሜሉ ሉካኩን ኣሌክሲስ ሳንቸዝን ኣፈሪማ እያ፡ እንተኾነ፡ ዕውት ግዜ ኣየሕለፉን። ናይ ቀደም ተጻዋቲኣ ንዝነበረ ፖል ፖግባ ኣብ 2016 ብ89 ሚልዮን ፓውንድ፡ ንክርስቲያኖ ሮናልዶ ኣብ 2021 ዳግማይ ከምዝፈረመቶም'ውን ይዝከር።

ክሎፕ፡ ዓላሚ ናይዛ ጋንታ እንተዝኸውን፡ ነዞም ተጻወትቲ ከምዘይመፈረሞም እዩ ዝገለጸ። "ንፖግባ ክመልሶ ኣይምደለኹን። ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግና፡ ከምዚ ነገራት ኣይሰርሐን እዩ። ክርስትያኖ፡ ንፈልጦ ኢና ምስ ማሲ ናይ ዓለም ዝበለጹ ተጻወትቲ እዮም። እንተኾነ፡ ኣይምመለስኩዎን። ምኽንያቱ፡ ምምላስ ተጻወትቲ ብፍጹም ኣይሰርሕን እዩ።" ወሲኹ። ንሱ፡ ናብ ሊቨርፑል ክመጽእ ዝቐሰቦ ዘይካኦም ናይ ዩናይትድ፡ ዘርእዮ ፕሮጀክት መሳጢ ምንባሩ ገሊጹ።

ክሎፕ፡ ኣብ 2019-20፡ ሊቨርፑል ናይ 30 ዓመታት ጽምኢ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ከተጥፍእ መሪሕዋ እዩ። ኣብ ዝቐጸለት ዓመት ከኣ፡ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣዕቲሩዋ።

ብተመሳሳሊ ብ20 ናይ ፕሪመር ሊግ ዋናጩ ኣብ ቅድሚት ዝርከባ እዘን ጋንታታት፡ ሰንበት ምሸት ተራኺበን ነይረን። ማን ዩናይትድ፡ 2ብ1 ተዓዊታ። ዩናይትድ፡ ድሕሪ ሓደ ዕቑድ እያ፡ ኣብ ሜዳ ሊቨርፑል ተዓዊታ።

## "ኢሳቕ፡ ቅድሚ ኢኪቲከ ክስለፍ ኣይግብኦን እዩ" ሩኒ

ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ - ዋይን ሩኒ፡ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል - ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ቅድሚ ሁጎ ኢኪቲከ ክስለፍ ከምዘይግብኦ ተዛሪቡ።

ኢሳቕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ክብረ-ወሰን ምስዮገጋር ተጻወትቲ ዓባይ ብሪጣንያ ብዘሰበረ ማስርሒ፡ ብ125 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኒውካስል ናብ ሊቨርፑል ምስ ልዑል ትጽቢት ምጽምባሩ ይዝከር። ዛጊት ግና፡ ኣብ ኩሉ ውድድር ሸውዓተ ግጥማት ክስለፍ እንከሎ፡ ብዘይካ ኣብ ካራባኦ ካፕ ዘመዝገቦ እንኮ ሽቶ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኮነ ሻምፕዮንስ ሊግ ሽቶ ኣየመዝገበን።

ኢሳቕ፡ ኣብቲ ብማን ዩናይትድ 2ብ1 ዝተሳዕሩሉ ናይ ሰንበት ጸወታ፡ መስመር መጥቃዕቲ ክመርሕ፡ ምስ ቀዳሞት 11 እዩ ተሰሊፉ። ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ዝስለፍን ብተመሳሳሊ ኣብ'ዚ ወቕቲ ናብ ሊቨርፑል ዝተጸምበረን ኢኪቲከ ግና፡ ተቐያሪ ነይሩ። ኢሳቕ ዝኾነ ኣብርክቶ ከይገበረ እዩ ተቐይሩ ወጺኡ።

መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮንስ ሊግ
ባርሴሎና - ኦሎምፒያኮስ 7:45 ድ.ቀ
ካይራት - ፓፎስ 7:45 ድ.ቀ
ኒውካስል - በንፊካ 10:00 ድ.ቀ
ፒኤስቪ - ናፖሊ 10:00 ድ.ቀ
ባየር ለቨርኩሰን - ፒኤስጂ 10:00 ድ.ቀ
ዩኒየን ሰይንት ጊሎስ - ኢንተር ሚላን 10:00 ድ.ቀ
ኮፐንሃገን - ቦሩሲያ ዶርትሞንድ 10:00 ድ.ቀ
ቪያሪያል - ማን ሲቲ 10:00 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ

ብዛዕባ'ዚ ተጻዋታይ ሓሳቡ ዝሃበ ሩኒ፡ "ንኢሳቕ፡ ኣይመጻወትክዎን፡ ምኽንያቱ፡ ካብ ኒውካስል ካብ ዝሲጋገር ንደሓር፡ ድሉው ዘሎ ኣይመስለንን።" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ቅድሚ ምጅማር እዚ ወቕቲ፡ ልምምድ ኮነ ምሕዝነታዊ ጸወታ ኣየካየደን። እዚ ኣጉዳሲ እዩ። ኒውካስል እናተለማመደት እንከላ፡ ምናልባት ኣብ ገዛኡ ኮፍ ኢሉ፡ ብተለፎን ምስ ወኪሉ ንሽዱሽተ ሰዓታት ብዛዕባ ምስግጋሩ ይዛረብ ነይሩ ይኸውን። ናይ ቅድመ ወቕቲ ጸወታ እንተ ዘየካይድካ ከኣ፡ ከቢድ እዩ። ናይ ውልቂ ልምምድ ገይሩ ይኸውን እዩ፡ ሕጂ ዋጋ የኽፍሎ ኣሎ። ብዘለዎ ቁመና'ውን እንተኾነ፡ ንኢኪቲከ ቀዲሙ ክስለፍ ኣይግብኦን እዩ" ኢሉ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሓይልታት ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ዘዘለዉዎ ተኹሲ ደው ክብሉ ጸዊዑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሩስያን ዩክሬንን ኑቲ ቡብወገነን ተቖጻጺረንኦ ዘለዋ ቦታታት ሒዘን፡ ተኹሲ ጠጠው ክብላ ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ክልቲኤን ወገናት ኩናት ደው ኣቢለን፡ ኣብ መጻኢ ኑቲ ዘሰሓሕበን ዘሎ ጉዳይ መሬት ሃዲኤን ብዘተ ክፈትሓኦ ኣተሓሳሰበ።

“ውተሃደራት ሩሲያን ዩክሬንን ኣብቲ ዝዋግኡሉ ዘለዉ መስመራት ኩናት ደው ክብሉ፡ ብድሕሪ’ዚ ንድሕሪት ክምለሱን ሰባት ምቕታል ከቋርጹን ኣለዎም፡” ዝበለ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ጉዳይ ‘ናይ መወዳእታ ውሳነ’ ኣመልኪትካ ምዝርራብ ግና ኣጸጋሚ ከም ዝኾነ’ውን ገሊጹ።

ትራምፕ ብዛዕባ እታ ጽዑቕ ኩናት ዝካየደላ ዘሎ ዞባ ዶንባስ ኣብ ዝተሓተተሉ ድማ፡ “ከም ዝመስለኒ፡ 78 ሚእታዊት መሬት ዶንባስ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሩስያ እዩ ዘሎ። ንሕጂ ከም ዘለዎ ብምግዳፍ፡ ኣብ መጻኢ ግና ክልቲኦም ወገናት ሃዲኦም ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም፡” ኢሉ።



ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ’ውን ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዩክሬን ብውተሃደራዊ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ክትዕወትን፡ ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሩስያ ዘሎ ሓውሲ ደሴት ክሪሚያን ምብራቓዊ ግዝኣታን ክትመልሶን ከም እትኽእል ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ኩናት ሩስያን ዩክሬንን ብቕልጡፍ ከም ዘብቅዕ ቃል ዝኣተወ ፕረዚደንት ኣመሪካ፡ ኣብ ዝቕጽል ሰሙናት ምስ ሩስያዊ መዘናኡ ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ሃንጋሪ ክራኸብ ምኻኑ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

## ብዓል ስልጣን ቤላሩስ ምስ መራሒ ዩክሬን ክዘራረብ ይደሊ

ኣቦ መንበር ኮሚተ ሃገራዊ ድሕነት ቤላሩስ (KGB) - ኢቫን ተርቴል፡ ትካሉ ዳግማይ ኣብ መንጎ ሩሲያን ዩክሬንን ዝርርብ ንምጅማር ይጽዕር ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ኢቫን ተርቴል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከይጂቢ፡ ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ ኑቲ ግጭት ብሰላም ንምፍታሕ ኣብ ዝገብሮ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ተበግሶታት ንምሕጋዝ ይሰርሕ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ጉዳይ ክልቲኤን ሃገራት ሃዲእካ ብምዝርራብ ጥራሕ ክፍታሕ ከም ዝኽእል ድማ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሉካሸንኮ፡ ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን



ቮለድሚር ዘለንስኪ ተራኺቡ ብዛዕባ ኩነታት ክልቲኤን ሃገራት ኣመልኪቱ ክዘራረብ መደብ ከም ዘለዎ ገሊጹ እኳ እንተ ነበረ፡ ኪየቭ ግና ኑቲ ዕድመ ከም ዘይጸገቶ እዩ ዝሕበር።

ዘለንስኪ፡ ምስ ሞስኮ ክዘራረብ ንዝቐረበሉ ዕድመ ብቐጻሊ ብምንጻግ፡ ካብ ደገፍቲ ዩክሬን ዝኾና ምዕራባውያን ሃገራት ዚያዳ ወተሃደራዊ ሓገዝ ምሕታት ይቕጽሎ ከም ዘሎ እዩም ተዓዚብቲ ዘረድኡ።

ንሱ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ንዝቐረበሉ ናይ ሽምግልና እማመ’ውን ብግልጺ ከም ዝነጸገ፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ራሻ ቱደይ’ ይጠቅስ።

ኣብ መወዳእታ 2024 እውን፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን ንዘለንስኪ ኣብ ጉዳይ ዘተ ሰላም ኣመልኪቱ ሕቶ ኣቕሪቡሉ ከም ዝነበረ፡ ዘለንስኪ ግና ንሕቶኡ ከም ዘይተቐበሎ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ የመልክት።

## ኣመሪካ ንኮሎምብያ እትህቦ ሓገዝ ክትንክዮ ወሲና

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኮሎምብያዊ መዘናኡ ጉስታቮ ፔትሮ ‘መራሒ ዘይሕጋዊ ዕጸፋርስ’ ክብል ድሕሪ ምዝላፉ፡ ሃገሩ ነታ ደቡብ ኣመሪካዊት ሃገር እትህቦ ገንዘባዊ ደገፍ ከም እትንክዮ ኣፍሊጡ።

“ፕረዚደንት ፔትሮ፡ ኣብ መላእ ኮሎምብያ ዕጸ ፋርስ ብብዝሒ ንኽፈሪ የተባብዕ ኣሎ” ክብል’ዩ ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርግሖ ጽሑፍ ገሊጹ።

“ፔትሮ ትሑት ደረጃ ዘለዎን ኣዝዩ ፍቱው ዘይኮነን መራሒ እዩ” ዝበለ ትራምፕ፡ እቲ ፕረዚደንት ኑቲ ዝገብሮ ዘሎ ዘይሕጋዊ ንጥፈት ደው ክብሎ፡ እንተ ዘይኮይኑ ግን ኣመሪካ ሓይሊ ተጠቒማ ደው ከም እተብሎ ኣጠንቀቒ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ዕላማ ናይቲ ኣብ ኮሎምብያ ይፈሪ ኣሎ ዝበሎ ኣደንዛዚ ሓሽሽ፡ ብብዝሒ ናብ ኣመሪካ እናስሎኽካ ምሻጥ ምኻኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ዘይሕጋዊ ንጥፈት ንኣመሪካ ሞትን ዕንወትን የስዕባ ስለ ዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ንኮሎምብያ ዝህቦ ዝኾነ ገንዘባዊ ሓገዝ ከም ዘይህሉ ኣረዲኡ።

እንተ ኾነ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ብዛዕባ እቲ ምንካይ ገንዘባዊ ሃገዝ ኣመልኪቱ ንጹር ሓበሬታ ከም ዘይሃበ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ኣመሪካ ፒት ሄግሰት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ፔንታጎን ንሓንቲ ምስ ኮሎምቢያዊ ጉጅለ ዕጸ ፋርስ ምትእስሳር ዘለዋ መርከብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ብምእታው ከም ዘዕነዋ ኣፍሊጡ።



ሄግሰት ኣብ ሓበሬታኡ፡ ቡቲ መጥቃዕቲ ሰለስተ ሰባት ከም እተቐትሉን፡ እታ መርከብ ድማ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ተዋፊራ ከም ዝጸንሐትን ኣመልኪቱ።

## ሑቲ ንሰራሕተኛታት ሕቡራት ሃገራት ኣሲሩ

የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ ሰንዓ - ርእሰ ከተማ የመን ድሕሪ ዝካየዶ ስርሒታት ን20 ሰራሕተኛታት ረድኤት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ፡ ጁን ኣላም - ኣፈኛ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣህጉራውያን ሰራሕተኛታት ረድኤት ንኣመሪካን እስራኤልን ይስልዩ ከም ዘለዉ ብተደጋጋሚ ክኸስስ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

እንተ ኾነ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኑቲ ክሲ ብተደጋጋሚ ክነጽጎ ከም ዝጸንሐ ይንገር።

ኣላም፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ ትካል ረዲኤት ሕቡራት ሃገራት ዝተኻየደ ወፍሪ፡ 16 ወጻእተኛታት ዜጋታት ዝርከብዎም 20 ሰራሕተኛታት ዝተፈላለዩ ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ፡ ድሕሪ ብዙሕ ሕቶታት ግና 11 ካብኣቶም ከም ዝተፈትሑን ሓቢሩ።

ሑቲ ካብቲ ትካል ኮምፒዩተራትን ቴለፎናትን ዝርከቦ ብዙሕ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ከም ዝወሰደ’ውን፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ራሻ ቱደይ’ ኣመልኪቱ።

መራሒ ሑቲ ዓብዱል ማሊክ ኣል ሑቲ፡ ዕጡቓቱ ኑቲ ምስ ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣመሪካን ሞሳድን ዘራኽቦም ሓደገኛ ምኻኑ ዝገለጸ መርበባቶም ከም ዘዕነዉ ገሊጹ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ፕሮግራም መግቢ ዓለምን ዩኒሴፍን ኣብ የመን ኣዕናዊ ስርሒታት ንኽፍጽሙ ንትካል ረዲኤት ከም ጉልባብ ይጥቀምሉ ከም ዘለዉ ወቒሱ።

ኣፈኛ ሕቡራት ሃገራት - ስቴፈን ዱጃሪክ ብወገኑ፡ ሑቲ ንዘቕረቦ ክሲ “ሓደገኛን ተቐባልነት ዘይብሉን” ክብል ብምንጻግ፡ ኩሎም ሰራሕተኛታት ረድኤት ሕቡራት ሃገራት ብቕልጡፍ ክፍትሑ ጸዊዑ።

ንሰፈሕ ክፋል የመን ተቖጻጺሩ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ኣብ ቓዛ ክካየድ ዝጸንሐ ደማዊ ኩናት፡ ድሮናትን ሚሳይላትን ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን መራኽባን ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ክፍጽም ምጽንሑ ይዝከር።



## ቓዛ - ብመጥቃዕቲ እስራኤል 97 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም

ድሕሪ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ እስራኤልን ፍልስጤምን፡ ብመጥቃዕቲ እስራኤል ብውሑዱ 97 ፍልስጤማውያን ኣብ ቓዛ ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት 230 ድማ ከም ዝቖሰሉ ሰብ መዚ ሓማስ ኣፍሊጦም።

እቶም ሰብ መዚ፡ እስራኤል ንስምምዕ ዕርቂ 80 ግዜ ከም ዝጡሓሰቶ እዮም ዝገልጹ ዘለዉ።

ሓይልታት እስራኤል፡ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ንዝከበረ መንበሪ ሲቪል ህዝቢ ዒላማ ብምግባር ሸዱሽተ ፍልስጤማውያን ከም ዝቐተሉ’ውን፡ ወሲኾም ኣመልኪቶም።

እስራኤል ብወገና፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ብሓማስ ዝተፈጸመ ጥሕሰት ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ፡ ብከፈርቲ ትድብድብ ምህላዋ ገሊጻ።

እንተ ኾነ፡ እቲ ፍልስጤማዊ ዕጡቕ ጉጅለ ኑቲ ክሲ ብምንጻግ፡ ንስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ዘየፍረሶ’ዩ ብጽኑዕ ዝምጉት ዘሎ።

ትካል ጥዕና ሓማስ፡ ብሰንኪ መጥቃዕቲ ታንክታት እስራኤል፡ ትማሊ ሰኑይ’ውን ሰለስተ ሰባት ከም ዝሞቱ ኣረዲኡ።



መራሕቲ እስራኤልን ሓማስን፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንምጽናዕ ዘለዎም ድሉውነት እኳ ይገልጹ እንተ ሃለዉ፡ ብዝፍጽምዎ ዘለዉ ተግባራት ግን ከይፈርስ ዓቢይ ስግኣት ከም ዘሎ’ዮም ተንተንቲ ዝገልጹ።

ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን
ዕለት: 21/10/2025
ጎደና: ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ
ቁ.ስልኪ: 122795
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services